ፍሉይ ሕታም

# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 31 ዓመት ቁ.229 | ረቡዕ 25 ግንቦት 2022 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 3
ወግዓዊ ጽምብል ናጽነት ...


ገጽ 5

እቶም ምዑታት ማሕዩ

ገጽ 7
ገድልን ተጋድሎን


ገጽ 9
ሰንተሎ'ውን ምስጋና ምተገብአ...


ገጽ 11
ናትናኤል ተስፋጽዮን ...


# ወግዓዊ ጽምብል መበል 31 ዓመት በዓል ናጽነት ብክብ ዝበለ መዓርግ ተኻየደ



ወግዓዊ ጽምብል መበል 31 ዓመት በዓል ናጽነት ኤርትራ፡ ትማሊ ኣብ ሰዓታት ድሕራቐትሪ ኣብ ስታድዮም ኣስመራ ብክብ ዝበለ መዓርግ ተኻዪዱ።

ኣብ'ቲ ብኤራቲቪን ድምጺ ሓፋሽ ኤርትራን ብቐጥታ ዝተፈነወ ስነስርዓት፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ዘስመዖ መደረ፡ ኣብ'ዚ ኣብ ዓለምናን ኣብ ጉዳይናን ንኽታተሎ ዘሎና ነውጻዊ ምዕባለታት፡ መበል 31 ዓመት ናጽነትና - ናታ ፍሉይ ቃና ከምዝለዋ ብምጥቃስ፡ ኣብ'ዛ ፍልይቲ ዓመት፡ ሕድሪ ናጽነትናን ልኣላውነትናን ምእንቲ ከዕዝዙ ብዙሓለፈን ህልውን ይኹን ንመጻኢ. በቲ ሓደ፣ ብዓለምን ብዞባናን ደረጃ'ውን ትማልን ሎሚን ብዘረኣናዮ፡ ንጸባሕ እንታይ ክገጽብ ከምእንኽእልን ንሓዋሩ እንታይ ክንገብር ከምዘሎናን በቲ ካልእ፡ ሰፊሕ ኣልካ ምሕሳብ ከምዝዛሓትት ኣገንዚቡ።

ድሕሪ ምኽታም 2ይ ኩናት ዓለም፡ ናጽነትን ልኣላውነትን ኤርትራ ባህርያዊ ማስመሩ ሐዙ ከይጠበሰ ብፍይ ሽዑ ሓያላን ስለዝተዓግተ፡ ድሌት ህዝቢ ኤርትራ ንናጽነት ከም ተቓወሞ -ፋልማይ ስረት ክገጽፍ ከምዝጀመረ ዝጠቐሰ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ንኤርትራ ኣዕኒኻ ንምልሓቓን መሳርዕ ኤርትራውያን ብምስምስ ሃይማኖት ቡታቲግካ ንምስናፍን ዝተሃቀነ ፖለቲካዊ ውዲት፡ ንንቕሓት ኤርትራውያን ክብ ኣቢሉ፡ ንፖለቲካዊ ቃልሲታቶምን ኣወዳድባኦምን ኣማዕቢሉ፡ ንመሰረት ናጽነትን ልኣላውነትን ኣዕሚቑ ከምዝከደቐ፡ ኮቲ እናዓደ ዝማዕበለ ፖለቲካዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ብሓይልታት ዕብለላ ዝተሓርየ ወተሃደራዊ ጭፍለቓ ከኣ ንዕጥቃዊ መኸተን ተቓውሞን ህዝቢ ኤርትራ ከምዝወለደን ንመንደቐ ናጽነት ናብ ዝሓየለ ብራኸ ሓፍ ከምዝበሎን ኣረዲኡ።

ናይ'ዚ ሎሚ ከም ልሙድ ነብዕሎ ዘሎና ዕዙዝ ናጽነት ሕመረት፡ ውህሉል ምህርትን ስርዓት-ክብሪታትን ናይ'ቲ ዲናሚካዊ ፖለቲካዊ፡ ወተሃደራዊ፡ ማሕበራውን ባህላውን መሰረት 50 ዓመታት ከምዝኸፈለ ደማ ገሊጹ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ኣብ ርእሲ'ቲ 50 ዓመታት፡ ናይ 30 ዓመታት ተጻብኦ ተወሲኽዎ፡ ዝያዳ ትምህርትን ተመኩሮን ተቐሲሙሉ፡ ናጽነት ሃገርን ክብሪ ልኣላውነትን ሃገራዊ ህንጸትን ተመላሊኡ፡ ትርጉም ዝተደርዐ ናጽነትናን ልኣላውነትናን - ኣብ ወሽጢ'ዚ 80 ዓመታት ገጽ-ብገጽ እናተዋህለለ ዝተኣደቀ ስራሕን ኩብሪታትን ከምዝኾኑ፡ ዘቋርጽ ዲናሚካዊ ዕቤቱ ድማ፡ ዘላቒ ሕድሪን ሓላፍነትን ወለዶታት ምዃኑ ኣሺሩ።

(ምሉእ ትሕዝቶ ቃል ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣብ ገጽ 2 ኣሎ)

ኣቐዲሙ፡ ኣቦመንበር ሃገራዊ ኣወሃሃዲ ሽማግለ በዓላት ኣምባሳደር ዘመደ ተኽሉ እቲ ነዊሕ ናይ ምቅርራብ ግዜ ዝወሰደ መደብ፡ ናይ ሓያሎ ሰራሕተኛታት ኣባላት ሰራዊትን ካልኦት ሞያውያንን ብዓውደያም ኣበርክቶ፡ ከምኡ'ውን ናይ ኣካላት መንግስቲ፡ ግንባርን ህዝባውያን ማሕበራትን ደገፍ ዝጣመረ ምዃኑ ሓቢሩ።

# ሃ.ማ.ስ.ኩ.ኤ፡ 70 ሽሕ ክሮነር ሓገዝ ረኺቡ

ፕሮጀክታት ሃገራዊ ማሕበር ሓርበኛታት ስንኩላን ኩናት ኤርትራ ንምዕዋት፡ ጨንፈር ማሕበር ኣብ ኦረብሩ - ሽወደን፡ 70 ሽሕ ክሮነር ኣታዊ ከምዘዘበረ ሓቢሩ።

"ስንኩላንና - ካብ ተጸባዪነት ናብ ኣፍራይነት" ብዝብል ቴማ ብ7 ግንቦት ኣብ ከተማ ኦረብሩ ኣብ ዝተኻየደ መደብ ናይ ኩሉ ዜጋ ምድግጋፍን ኣበርክቶን ወሳኒ ምዃኑ ተገሊጹ።

ኣቦመንበር ማሕበር ስንኩላን ኩናት ጨንፈር ሽወደንን ኣባል ማእከላይ ባይቶ ማሕበርን ኣቶ ተኽስተ ፍስሃዬ፡ ኣብ ንጥፈታት ማሕበር ኣበርክቶ ንዘገበሩ ናይ ምስጋና ወረቐት ዓዲሉ።

ኣብ'ቲ ኢጋጣሚ፡ ብኣቶ መንግስ ሰዩም ዝተወፈየት "ሰዓረ" ዝርእስታ ናይ ዘይቲ ቅብኣ ብኣስታት 10,500 ክሮነር ክትሸየጥ እንከላ፡ ተሳተፍቲ መንእሰያትን ቁልዑን ድማ ንመሳሰሊ እቲ ፕሮጀክት 32 ሽሕ ክሮነር ወፊዮም።

# ሰ/ቀ/ባሕሪ - በዓል ናጽነት ብልዑል መዓርግ ተጸምቢሉ

መበል 31 ዓመት በዓል ናጽነት ኤርትራ፡ "ንያትና ናጻ ሕርያና" ብዝብል ቴማ፡ ብ20 ግንቦት ብደረጃ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣብ ከተማ ባጽዕ ብልዑል መዓርግ ተጸምቢሉ።

ኣመሓዳሪት ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ወ/ሮ ኣስመረት ኣብርሃ ናጽነት ንምምጻእን ልኣላውነት ንምርግጋጽን ንዝተኸፍለ ረዚን ዋጋ ብምጥቃስ፡ መንግስቲ ኤርትራ ማሕበራዊ ፍትሒ ንምስፋን ዝተግበሮ ልምዓታውን ትሕተ-ቅርጻውን መደባት፡ ኣብ መነባብሮ ህዝቢ መሰረታዊ ለውጢ ከምዘምጽአ ገሊጹ።

ንሓምላይ ወፍሪን መደባት ምዕቃብ ማይን ሓመድን ብዝምልከት፡ ወ/ሮ ኣስመረት፡ ብደረጃ ዞባ - ካፍሉ ወከፍ ንኡስ ዞባ፡ ምምሕዳር ከባቢ፡ ከተማ፡ ዓዲ፡ ስድራቤትን ውልቀሰባትን ምስ'ተን ኣቲ ዕማም ንምዕዋት ዝቖማ ኮሚቲታት ተወሃሂዱ እጃሞም ከበርክቱ ኣተሓሳሲባ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ወ/ሮ ዘይነብ ዑመር ድማ፡ ጽምብል ናጽነት፡ ኣብ ኩለን ንኡሳን ዞባታት ክሳብ ምምሕዳር ከባቢ ወረዳ፡ ካብ ዕለት 16 ክሳብ 24 ግንቦት ብባህላውን ስፖርታዊ መደባት ተሰንዩ ብውዕውዕ መንፈስ ይኽየድ ከምዘሎ ብምሕባር፡ ኣበርክቶ ንዝገበሩ ኣካላት ሞጊሳ።






ንያትና - ናጻ ሕርያና!

# ቃል ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ



### ዝኸበርኩምን ዝኸበርክንን!

ፈለማ ንህዝቢ ኤርትራ ኣብ ውሽጥን ወጻእን የሃና ንመበል 31 ዓመት ናጽነት እናበልኩ፡ ንመሰናድኦ'ቲ በዓል ኣበርክቶ ዝገበሩ ኩሎም - ልዑል ምስጋና።

ከምኡ'ውን ንኹሎም ፈተውትን የሃና ዝበሉን ምስጋና!

### ዝኸበርክን ዝኸበርኩምን

ኣብዚ ኣብ ዓለምን ኣብ ጎደቦናን 'ንከታተሎ ዘሎና ነውጻዊ ምዕባለታት፡ መበል 31 ዓመት ናጽነትና፡ ናታ ፍሉይ ቃና ኣለዋ። ኣብዛ ፍልይቲ ዓመት'ዚኣ፡ ሕድሪ ናጽነትናን ልዑላውነትን ምእንቲ ከዕዝዘ፡ ብዙሓለፈን ህሉውን ደኹን ንመጻኢ፡ በቲ ሓደ ኢዱ፡ ብዓለምን ብዞባናን ደረጃታት'ውን ትማልን ሎምን ብዘረኣናዮ፡ ንጽባሕ እንታይ ክንጽበ ከም እንኽእልን ንሓዋሩ ከኣ እንታይ ክንግዝም/ክንገብር ከምዝለናን በቲ ኻልእ፡ ሰገጥ ኢልካ ምሕሳብ ዝሓትት እዩ።

ኣብ 1941፡ ድሕሪ ምኽታም 2ይ ዓለማዊ ኩናት፡ ናጽነትን ሉኡላዊነትን ኤርትራ፡ ባህርያዊ ማስመሩ ሐዙ ክይብጽሑ ብናይ ሸው ሓያላን ስለዝተዓገተ፡ ድሌት ህዝቢ ኤርትራ ንናጽነት፡ ከም ተቓውሞ'ዩ ፋልማይ ሰረት ክገጽፍ ጀሚሩ። ንኤርትራ ኣፅኒካ ብምልሓቑ ን"እስትራተጂያዊ" ዝበሃል ረብሓታት'ቶም ሓያላን ከም እተገልግል ንምግባር፡ መሳርዕ ኤርትራውያን ብምስምስ ሃይማኖታት ቡተርንካ ንምስናፍ ዝተሃቀነ ፖለቲካዊ ውዲት፡ ንፖለቲካዊ ንቕሓት ኤርትራውያን ክብ ኣቢሉ፡ ንፖለቲካዊ ቃልሲታቶምን ኣውዳድባኦምን ኣማዕቢሉ፡ ንመሰረት ናጽነትን ልዑላውነትን ኣዕሚቑ'ዩ ነዲቑ። ነቲ ዓይነታዊ ምምንቱም እናዓየደ ዝማዕበለ ፖለቲካዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ብሓይልታት ዕብለላ ዝተሓርየ ውተውሃደራዊ ጭፍለቓ ኸኣ፡ ንዕጥቃዊ መኸተ ተቓውሞን ህዝቢ ኤርትራ ወሊዱ፡ ንመንደቕ ናጽነት ናብ ዝሓየለ ብራኸ ሓፍ ኣቢልዎ'ዩ። ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ ጉዕዞ ዕጥቃዊ መኸተ ንናጽነት፡ ብጉዳማውያንን ወሽጣውያንን ጎዛይቲ ሓይልታት፡ ምረሻን ናህርን'ቲ ጉዕዞ ንምጉታት፡ ዝተኻየደ ሽርሒታት ምክፍፋል እናማኽተ፡ መሳርዑ እናወደቡ ወሃደቱ እናኸልዐ ንመሰረት ህንጻ ናጽነት ዝያዳ ኣብሪኹን ኣደልዲሉን እዩ። ብዲናሚካዊ ማስርሕ ብዝማዕበለ ንቕሓትን ማዕረ ማዕሪኡ ዝወርጸጸ ውዳበን ሓድነትን ከኣ ዕጥቃዊ መኸተ ህዝቢ ኤርትራ ንኹሉ ማሰናኽላት በናጠሰ ከቢድ ማስዋእቲ ኸፊሉ ድሕሪ 50 ዓመታት ንዝረጋገጸ ናጽነት ሕጋዊ ልዑላዊነት ኣልቢስዎ።

ኣብዚ ሓጺር ዝማስል ናይ 50 ዓመታት ማስርሕ (1941-1991)፡ ብመጠን ናይ'ቲ ዝተቐስመ ትምህርትን ተመኩሮን ብዓይነት ናይቲ ወዓድባን ምዕባለኡን ብዘኾሰኮሶ ባህሊ ጽንዓትን መኸተን ብዘጠመሮ ህዝባዊ ስሬትን ወህደትን … ምስ ግዜ ናይ'ቲ ተጻብኦ ኣዛማደኻ፡ ኣብ ናይ ሓደ ህዙበን ሃገርን ምኻንን ዘይምኻንን ሕቶ ከርአ እንከሎ፡ ናይ ወለዶታት ዘበምታዊ ምስግጋር (transformation) ዝዓመመ ሰውራ'ዩ ነይሩ። ናይ'ዚ ሎሚ ከም ልሙድ ኑበዕሎ ዘሎና ዕዙዝ ናጽነት ሕመረት ከኣ ወህሉል ምህርቲን ስርዓት-ክብርታትን ናይቲ ዲናሚካዊ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ማሕበራውን ባህላውን ማስርሕ 50 ዓመታት እዩ።

### ዝኸበርክን ዝኸበርኩምን

ሓይለታት ጉብጉ-ዓብልል ግን፡ ድሕሪ 1991'ውን ህዝቢ ኤርትራ ሃገራዊ ህንጸቱ ከሰላሰል፡ ዕድል ክህብዎ ኣይመረጹን። ኣብዚ ዝሓለፈ 31 ዓመታት፡ ህንጸት ሃገር ንምጉታትን ንምቑጻይን ከም'ቲ ድሕሪ 1941፡ ኣብ ቀጠባዊ ሰረትን ትሕተ-ቕርጺን ኤርትራ ኣንቂዶም ዘየዱዎ ዕንወት፡ መሰረትን መጉትን ዘይብሉ ዶባዊ ቅልውላዋት/ግጭታት ብምስዋር፡ ብኡ ምስላጥ ምስ ኣበዮም፡ ብጠቕነ "ሽበራዊ" ክሲታት፡ ኪኖ ጠቕነን ምስይጣንን በይናዊን ዘይሕጋዊን እገዳ (2009-2018) ምስጉዳድ፡ ቀጻሊ ድሕነታዊ ሽርሒታት ምኽያድ፡ ትማሊ-ትማሊ እውን ከም "መደበሲ" ናይ ዝተፈጸመልና ቅሉዕ መጥቃዕቲ፡ ዳሞግይ እገዳ ኪብይሩ ኣይሓገኹን።

ኣብ ርእሲ'ቲ 50 ዓመታት፡ እዚ ዝሓለፈ ናይ 30 ዓመታት ተጻብኦ ተወሲኩዎ፡ ዝያዳ ትምህርቲን ተመኩሮን ተቐሲሙሉ፡ ናጽነት ሃገርን ክብሪ ልዑላዊነትን ሃገራዊ ህንጸትን ተመላሊኡ፡ ኣብ ውሽጢ'ዚ 80 ዓመታት፡ ገጽ-ብገጽ እናተዋህለለ ዝተጎደቀ ስራሕን ክብሪታትን'ዩ፡ ትርጉም ዝተደርዐ ናጽነትናን ልኡላዊነትናን። ዘቋርጽ ዲናሚካዊ ዕበየቱ ኸኣ፡ ዘላቒ ሕድሪን ሓላፍነትን ወለዶታት እዩ።

### ዝኸበርክን ዝኸበርኩምን

ሕጂ ግዜ ዘምጽኦ ዘይኮነ፡ ሓርነታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ምስ ህዘቢታት ምሕዝነት ምምስራትን ምድልዳልን ምምልላእን ኣብ ነዊሕ ጉዕዞኡ፡ ከም ሰረተ-እምነት ዝማስሉ ሕቶ'ዩ። ምሕዝነት ሓርነታዊ ቃልሲ ህዝቢታት ኪኖ ናጽነት'ውን ንናይ ወለዶታት ሓብራዊ ምምልላእን ዕበየትን ራህዋን ጥጡሕ ሃዋሁ ንምውዳድ ዝዓለመ ዘይውንዘፍ ሕርያ'ዩ። ናይ ዝኾነ ሃገር ናጽነትን ልዑላውነትን ውሑስ ዝኸውን፡ ብኡ ኣቢሉ ኸኣ ዘላቒ ዕበየት ዝረጋገጽ፡ ብሓድሕዳዊ ምምልላእ ሃገራትን ህዝቢታትን ምስ ዝድገፍ'ዩ። ኣብ ኣፍሪቃ ብሕልፊ፡ እቲ ምሕዝነትን ምምልላእን ናቱ ፍሉይ ኣገዳስነት ኣለዎ። ኣብ ዓለም ከም ኣዝዩ ዝተዋሰነ (Marginalized) ክፍሊ-ዓለም፡ ምስ ብዝተምጉዲ ብዝሑ እናዛረ ዝኸይድ 1.2 ቢልዮን ህዝቢ፡ ህዝቢታትን ሃገራትን ኣፍሪቃ፡ ናጽነቶምን ልዑላዊነቶምን ኪኖ ምሕላው፡ ዞባዊን ክፍለ-ዞባዊን ጥምረታት እናኸደቑ ኪኸዱ ግድነት'ምበር ሕርያ ኣይኮነን። ስለ'ዚ ኸኣ እዩ ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ሰላሳ ዓመታት፡ መንግስቲ ኤርትራ፡ ንዘላቒ ሓብራዊ ቁጠባዊ ዕበየትን ንርግኣትን ምምኻት ሽበራን ጸረ-ድሕነታዊ ሽርሒታትን ንዞባዊ ጥምረት ክይተሓለለ ዝሰርሐ። ብሰንኪ ማሰናኽላት ኣጀንዳታት ዕብለላ ከዕወት ኣይኽኣለ'ምበር፡ ዘይውንዘፍ ድርኺ ናጽነትን ልዑላዊነትን ህዝቢታት ስለዝኾነ፡ ምስ ውህብ ዓለማዊ ክስተታት ተዛሚዱ፡ ብዝሓየለ ክሰርሓሉ ዝግባእ ጉዳይ እዩ።

### ዝኸበርክን ዝኸበርኩምን

ብኢጋጣሚ ኩነታትን ግዜን እዋን ናጽነትና ኣብ 1991፡ ምስ ምኽታም ዝሑል ኩናት'ዩ ተረኺቡ። ነቲ ምኽታም ዘዕዘበ፡ ዓለማውያንን ዞባውያንን ጠንቅታት/ምዕባሌታት፡ ዝርዝራቶም ብዙሕ'ኳ እንተኾነ፡ ኣብ መደምደምታ፡ እቲ ክስተት፡ ናይ ሓደ ዝዩሰርሐ መዋእል ወይ ዝፈሸለ ዓለማዊ ስርዓት መርኣያ ዝወሰደ'ዩ ነይሩ። እቲ ሕቶ ግን፡ ድሕሪ ምኽታም ዝሑል ኩናት፡ እንታይ ተረኺቡ? ሕጂን ንመጻኢ'ንከ?

ድሕሪ 1991፡ በቶም ኣብቲ "ምዕራብ" ዝበሃል፡ ብኣሜሪካ ዝምራሕ ቀጽሪ (ንህዝቢታት ምዕራብ ይኹን ንህዝቢ ኣሜሪካ ዘይውክል) ናይ ውሑዳት፡ ሓይሊ ዕብለላ፡ ኣዝዩ ሓደገኛ ዝኾነ ሓሳባት'ዩ ኪፍልፍል ጀሚሩ። እዞም በሃራት (Elite) ዕብለላ፡ ምኽታም ዝሑል ኩናት፡ ከም "ታሪኻዊ ዕድል" ገይሮም ስለዝወሰድዎ፡ ድሕሪ ውድቀት ሶቭየት-ሕብረት. . . ደጊም፡ እዚ ዝመጽእ መዋእል፡ ዓለም ናትና'ያ! ብኹሉ ዓይነት ጸብለልትነታት ዝዕረፎ ሓይሊ ኣይክህሉን'ዩ!. . . ወይ፡ ክህሉ የብሉን! ዓለም ኣብ ናይ ጸልዋ ከባቢታት ከፋፊልና፡ ብመልሕቓት ክንመሓድራ ኢና!. . .ዝዓይነቱ ሓሳባት እናማዕበሉ፡ ኑታ ሸው ከም ቀዳመይቲ መውዳድርቲ ዝቖጸሩዋ ሩስያ "ምድራት" (containment)፡ ከም ሓደ ካብ ገፊሕ እስትራተጂኦም፡ ኪኻየዱሉ ጀሚሮም። ብስልቲ ደረጃ፡ እተን ከም "መደረቲ" ዝተጠቕሙለን ሃገራት፡ ንደባት ሩስያ ቀረባ ዝኾና፡ ናይ ምብራቕ ኤውሮጳ ሃገራት'የን ኮይነን። እቲ ሓሳብ፡ ካብ ምእዋጅ ኩናት ዝፍለ ሕርያ ኣይነበረን። ከም ሓደገኛ ኣብጋግዮሉ ኸኣ፡ ሓደገኛ ኩነታት ፈጢሩ። እዚ ሕጂ ኣብ ኡክረይን 'ንከታተሎ ዘሎና ምዕባሌታት ከኣ፡ መቐጸልታ'ምበር፡ ሃንደበት ኣይኮነን። ኡክረይንን ዝሆበ፡ ግዳይን ምስዋእን ጥራይ'ዩ።

ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ናይ 30 ዓመታት ህቑና ድረታ፡ እቲ ፖሊሲን ውጥናቱን ኣይተዓወተን። ተቓውሞታት ንስርዓት-ጫካ (ብኣሕጽሮት. . .መንዘዕ፡ ተኣታቶ፡ ሃድድ፡ ኣንጥጥ፡ ኣጣቕዕ፡ ጠቕን፡ ቅጻዕ፡ ኣግድ፡ ውረር፡. . .ኢህጉራዊ ሕጊ ርገጽ፡ ብመሰል ሰብኣ ተዋረዝ . . . ዝሕላገታቱ ስርዓት ጫካ) በሃራት ዕብለላ እናዓበየ መጺኡ። ናይ ሩስያ "ስግኣት" ጥራይ ዘይኮነ፡ ናይ ካልኦት ስግኣታት'ውን በሎኽ ኢሉ። እቲ ዘይተዓወተ ፍልስፍናዊ ትምኒት፡ መልክዓትን ምስምስትን እናቐየረ ኣብ ዝተፈላለዩ ዞባታት ዓለም፡ ነውጺን ቀጠባዊ ቅልውላዋትን (ብቐንዱ፡ ዘየርትዓዊ ምቕርሓ ሃብትን እቶትን) ኣኸቲሉ። በሃራት ዕብለላ፡ ኣብ ሩስያ ጥራይ ኣይተሓጸሩን። ቻይና ንምድራት'ውን ብመገዲ ታይዋንን ሆንግኮንግን ጥራይ ዘይኮኑ ኣብ እስያ ብሓፈሻ፡ ዝተፈላለዩ ኪዳናት ክህንድሱን ከናኽቱን ከኪይደሎ ዝጀንሑ ህቑናታት ካብቲ ናይ ሩስያ ድረታ ዝተፈልየ ኣይኮነን። ሓደገኛነቱ ካብቲ ናይ ሩስያ እንተዘይዓበየ ኣይንእስን'ዩ። በሃራት ዕብለላ ዝፍጽምዎ ጌጋታት፡ ክንዲ ዝኣርሙ፡ ብመልሰ-ግብራዊ ጭንቀትን ስሕታን ቅመራን (miscalculation) ስለ ዝድረኹ'ውን ኣመታት ኣካይዳኦም ከኸትሎ ዝኽእል ሳዕቤናት ምግማት ዘሸግር ኣይኮነን።

### ዝኸበርክን ዝኸበርኩምን

ምስ ክብ ኢሉ ብሓጺር ዝተገልጸ ዞባውን ዓለማውን ክስተታት፡ ርዝነት ሕድሪ ናጽነትናን ልዑላውነትናን ርዱእን ምኽራር ዘይሓትትን እዩ። ነቲ ሕመረቱ ጽኑዕ ዝኾነ ስርዓት-ክብርታትና እናደራዕናን እናሐየልናን ናይ ሃገራዊ ህንጸት ተልእኾታትና ኣብ ኩሉ ልምዓታዊ ግንባራት፡ ብዝሓየለ ኣተጣጢፍና፡ ንብድሆታትና፡ ብጽንዓትን ውሕልነትን መኪትና፡ ናብ ዝበረኸ ጸፍሒ ዕበየት ክንድይብ ከኣ፡ ቀዳምነት ቀዳምነታትና እዋናዊ ሕርያ'ዩ።

ዞባዊ ርግኣትን ምትሕብባርን ምምልላእን ዕበየትን ናይ ናጽነ ልዑላውያንን ህዙባትን ሃገራትን መጣምርቲ (integral ኣካል) ሃገራዊ ህንጸትና ስለዝኾነ፡ ምስናይ'ቲ ንዘራጋታት ጎደቦና፡ ብዝተፈላለየ ምስምሳት፡ ብጽብብቲ ቁልቁላዊ ምትፍናናት (vertical polarization) ንምፍንጣሕን ንምስናፍን ዝተገደደ፡ ቅሉዕን ስዉርን ኣዕናዊ ኣጀንዳታት፡ ሓብራዊ መኸተና፡ ብዝሓየለን ብዝሰፍሐን ክንሰርሓሉ መድረኻዊ ግቡእ እዩ።

ምእንቲ ቅሳነትን ራህዋን ህዝቢታት ዓለም፡ ዝሓለፈ መዋእላት ዝሑል ኩናትን ዓንዳሪ እንኮ-ቐጽራዊ ህቑናታትን ዓቢ ታሪኻዊ ትምህርቲ ሓዲጉ ስለዘሎ፡ በንጻር ሕግታት ጫካ፡ ናይ ህዙባትን ሃገራትን ናጽነትን ልዑላውነትን ዘይገሃሰሉ፡ ኢህጉራዊ ሕግታት ዝኸበረሉ፡ ምትእትታዋትን ዘይሕጋዊ በይናዊ ብደዕታት ዘብቅዓሉ፡ ዓለማዊ ርትዓዊ ምቕርሓ ሃብትን እቶትን ዘውድእሉ፡ ናይ ምትሕብባርን ምምልላእን ዝምድናታት ዝሰፍሕሉ ዓለማዊ ኩነታት ንምምጻእ፡ ምስ ኩሎም ህዙባት፡ ብዘይኣፈላላይ ክንዘጥፍ፡ መቐጸልታ ናይ ሃገራውን ዞባውን ክፍለ-ዓለማውን ግዴታና እዩ።

**ናጻ ሕርያናን ንያትናን ንሱ እዩ!**

**ምስ ምጽዓት ጥሉል ክረምት!**

**ዝኽርን ሓበንን ኑቶም ሕድሪ ናጽነትናን ልዑላውነትናን ዘረከቡና ሰማእታት!**

**ዓወት ንሓፋሽ!**

## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም
ቍ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ
ብርሃን ምሕረትኣብ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ኤርምያስ ገብረልዑል
ሺሃብ ኣርኣያ
ተስፋኣለም የማነ
ቍ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ትንሱእ ፍስሃየ
ሰማያዊት ሓይለኣብ
ሳምራዊት ሃብተ
ቤተልሄም ታደሰ
ፍርቱና ኤፍሬም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.08214595- 200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳጶ. 1284

ሪፖርታዥ

# ወግዓዊ ጽምብል ናጽነት ኣብ ስታዲዩም ኣስመራ !

## * ሕጂ' ውን መኸተናን ንቕሓትናን ነሐይል !

ዮሴፍ ሃይለማርያም




ዝረጋጠመና እልቢ ዘይብሉም ብድሆታትን ሽርሒታትን፡ ብጽንዓትን መኸተን ሰጊርና፡ ርእስና ኣቐኒዕና ኣብ እንጎዓዝሉ ናይ ሰላምን ልምዓትን ግዜ በጺሕና፡ መበል 31 ዓመት ናጽነትና፡ “ንያትና፡ናጻ ሕርያና” እናዘመርና ብሓበን ክርዓትን ክንጽምብል በቒዕና ኣለና። እታ ብህንቀውታ ክንጽበያን ክንሸባሸበላን ዝጸናሕና ናይ ፈስታ መዓልትን ሰዓትን ድማ ትማሊ 24 ግንቦት፡ ኣብ ስታድዮም ኣስመራ ኣብ ሰዓታት ናይ ድሕሪ ቐትሪ ኣብ ዝተኣንገደ መደብ፡ ብውዕውዕ መንፈስን ብድሙቕ ማሰናድኣታትን ብወግዒ ዛዚምናያ። ነዛ ብመስዋእትናን ጽንዓትናን ዝረኸብናያን ዝዕቀብናያን ልዕሊ ኩለን በዓላትና ዝኸበረት መዓልቲ ናጽነትና፡ “ንያትና፡ ናጻ ሕርያና” ዝብል መዝሙር ሓድነትን ሰላምን እናዘመርና ክንጽምብላ ከለና፡ ንህዝብና ድሌትናን ዝገልጽ እዩ።

መበል 31 ዓመት ጽምብል ናጽነት ኤርትራ፡ ካብ መፋርቕ ግንቦት ጀሚሩ'ዩ ዝተፈላለየ መደባት ሰሪዑ ብሃገር ደረጃ ክጽምበል ቀንዩ። ወግዓዊ ጽምብል ናጽነት ዘእንገደት ስታድዮም ኣስመራ ከኣ ነቲ ክቡር በዓል ንምድማቕ፡ ካብ ቅድሚ ነዊሕ መዓልታት ኣትሒዛ'ያ፡ ብቶም ንናይ ሎሚ ዓመት ቴማ ዝገልጹ ዝተፈላለዩ ጭርሖታትን ጣንዴራ ኤርትራን ወቒባ ተኾሓሒላን ኣጋይሻ ንምቕባል ተዳልያ ቀንያ። ኣብ'ቲ ኣብ ቅርዓት ስታድዮም ኣስመራ ዝተዳለወ ጣቕዒታትን ዕልልታን ህዝቢ ደሚቑሉ ዘምስዮ ንሓድነትን ጽንዓትን ህዝቢ ኤርትራ ዝገልጽ መሳጢ ስነጥበባዊ መደባት፡ ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ላዕለዎት ሰበስልጣን መንግስትን ግንባርን፡ ላዕለዎት ኣዘዝቲ ሰራዊትን፡ ኣብ ኤርትራ ዝመደበሮም ዲፕሎማሲኛታት፡ ካብ ከበባታቱ ዝውሓዙ ዕዱማት ኣጋይሽን ህዙብን ተረኺቦም ነይሮም።

ናይ ታሕጓስ ስምዒት ዘንቀሎ ብዘይ ምቁራጽ ዝውሕዝ ዝነበረ ጣቕዒታትን ዕልልታን ህዝቢ፡ ኣካል ናይቲ ሃገራዊ ጽምብል ኮይኑ፡ ነቲ ቦታ ፍሉይ ትርጉም'ዩ ኣልቢሱዎ። ንስምዒት ናይ ነፍሲ-ወከፍ ናይቲ ኣብ ቅርዓት ስታድዮም ዝተረኽበ ተሳታፊ ከኣ ኣብ ውሽጥን ኣብ ደገን ኮይኑ፡ በትን ሸቓዩን እናተቛደሰ ነቲ ክቡር ጽምብል ብቴለቪዥንን ሬድዮን ዝከታተል ዝነበረ ኤርትራዊ ከኣ ሓጎሱን ደስታኡን ጥርዚ ከም ዝበጽሐ ገሃድ። ናይ ብሓቂ ፍስሀ ሃዋህውን ምዕሩግ ጽምብል ናጽነትን ድማ ኮኑ።

ወግዓዊ ጽምብል ዝጀመረሉ ሰዓት ኣኺሉ፡ ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ካብ ህዝቢ ዕልልታን ጣቕዒታትን እናተዅበረሉ ሰዓት 4፡20 ቦታኡ ምስ ሓዘ፡ ብሸንኽ ደቡባዊ ምዕራብ ዝርከብ ዓብ ዝመጽኡ ጸለምን ቀይሕን ዱብዛ ዝተኸደኑ ኣብ ኣርባዕተ ሰልፊ ዝተመቕሉ ጉጅለ ሃገራዊ ማርሽን ባንድ ብስሙር ኣካይዳ ብናይ ክብሪ ሰልፈኛ እናተመርሑ ናብ'ቲ ሓምላይ ምንጻፍ ናይ'ቲ ሜዳ እናውሓዙ ሰላምታ ኣቕረብሎም። ብድሕሪዚ፡ ነዛ ናጽነት ክውንቲ ክትከውን በጃ ዝሓለፉ ሰማእታት ንምዝካር ዝኽሪ ሰማእታት ሰዓበ። እቲ ብዝኽሪ ሰማእታት ዝጀመረ ወግዓዊ ስነስርዓት ጽምብል፡ ናብ'ቲ ፈለማ ዝተሰርዐ ቃል ኣወሃሃዲ ሸማግለ በዓላት'ዩ ሰጊሩ። ኣቦመንበር ኣወሃሃዲ ሸማግለ በዓላት፡ ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ መድረኽ ተረኺቡ ከኣ ነቲ ጽምብል ዝምልከት ሓጺር ቃል ኣሰሚዑ።

ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ ኣብ መደረኡ፡ ኣብ ውሽጥን ኣብ ወጻእን ዝርከብ ሓፋሽ ህዝብና ሰላም ዝሰፈኖ ቅንያት ናጽነት ከበዓል ምጽንሑ ጠቒሱ፡ “ዛ ክብርቲ በዓልና ዝኾነት 24 ግንቦት ንምጽምባል፡ ንልደት ሃገርና ይብቅዕ'ዩ ዝበልናዮ ማሰናድኣታት ንምኽፋል እንቋዕ ብደሓን መጻእኩም” ኢሉ። ኣቦሰደር ዘመደ ኣስዒቡ፡ ተቐሪቡ ዘሎ መደብ ንመንነትና፡ ባህልናን ጽንዓትናን ዝገልጽ ኮይኑ፡ ነዊሕ ናይ ምቅርራብ ግዜ ዝወሰደ ብኣማኢት ዝቑጸሩ ሞያውያን፡ ኣባላት ሰራዊት፡ ስነጥበባውያን፡ ተመሃሮን መንእሰያትን ዝተሳተፍዎ ምርኢታት ሰልፊ ናይ ሰራዊት፡ ባህላዊ ኮንዳክተራት፡ መዚቀኛታት፡ ደምጻውያን፡ ደረስቲ፡ ተሳሃይቲ ዘጠቓለለ ከም ዝኾነ ሓቢሩ። ሳላ'ቲ ካብ ህጻናትን ተመሃሮን ጀሚርካ ኣብ ውሽጥን ደገን ዝርከብ ኤርትራዊ ዘርኣዮ ንጡፍ ተሳትፎ ኣብ መዛዘሚ ምብጻሑ የማናኡ ብምግላጽ ከኣ ነቲ ሃገራዊ መደብ ዕዉት ክኸውን ንዝጸዓቱ ወገናት ኩሎም ብስም ሃገራዊ ኣወሃሃዲ ሸማግለ በዓላት ኣመስጊኑ።



ኣምባሳደር ዘመደ ቃሉ ምስ ኣሰምዐ፡ ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ - ብምኽንያት'ዛ ክብርቲ ዕለት ቃል ንኽሰምዑ ዓደሞም። ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ናይ ወትሩ መኸተናን ጽንዓትናን ከሐይል ንቕሓትናን ኣቓልቦናን ክዛይድ ዘገዝአ መደረኡ ኣሰሚዑ። ትርጉም ትሕዝቶኡ ብዓረብ ምስ ቀረበ ከኣ ወተሃደራራዊ ሰልፊ ሰዓበ።

ብወገን ሰሜናዊ ምዕራብ ዝርከብ ዓብ ምስ ተራሕወ ከኣ ብጣንዴራ ዝተመርሐ ሰልፈኛታት ተጋደልቲ፡ ምኽልኻል ሓይሊ ባሕሪ፡ ሓይሊ ኣየር፡ ፖሊስን ሃገራዊ ኣገልግሎትን፡ ብመዚቃ ሃገራዊ ማርሽን ባንድ እናተሰነዩን ካብ ህዝቢ ድሙቕ ዕልልታን ጣቕዒታትን በቲ ሓደ፣ ብመራሕቲ መደብ ብዝቃላሕ ዝነበረ ንመኸተን ጽንዓትን ህዝቢ ኤርትራን ሓይልታት ምክልኻሉን ዝገልጽ ጭርሖታት ድማ በቲ ካልእ እናተለገሰሎም፡ ንሶም'ውን ድማ ንክቡር ፕረዚደንት ናይ ኢድ ሰላምታ እናሃቡ፡ ሓደ ድሕሪ ሓደ ንልቢ ኩሉ ተዓዛቢ ዝማረኹ ንጽዓትናን መኸተናን ብዝገልጽ ስሙር ሰልፊ መረሹ። እቲ ውዕውዕ መንፈስ ጽምብል ናጽነት ከኣ ብጣቕዒታትን ዕልልታን ተሰንዩ ነቲ ቅርዓት ካብ ጽት ንጽት መልኦ።



ቀጺሉ፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣንጻር ኩሉ ተጻብኦታት ናይ ድሕረት፡ ኩናት፡ ድርቂ፡ ግፍዒ፡ ባርነትን. . . መኪቱ ልኡላውነቱ ብምኽባር፡ ኣብ መኸተን ልምዓትን ዘርኣዮ ዘሎ ተወፋይነት እትገልጽ መዚቃዊት ድራማ'ያ ነቲ ስነ-ጥበባዊ መደብ ኣሃዱ ኢላ ፈሊማቶ። ብድሕሪዚ፡ ንናጽነት፡ መኸተን ልምዓትን ዝገልጹ ብጉጅለታት ባህሊ ስብራት፡ ሰራት፡ ዋልታን ሚራብን እናተሰነየ ብቋንቋታት ትግርኛ፡ ናራ፡ ትግረ፡ ኩናማ፡ ብሌን፡ ብዳወየት፡ ሳሆ፡ ዓረብን ዓፋርን ዝቐረበ 13 ደርፍታት'የን ሰዓባ። ካብ ተሳተፍቲ ናይ'ቲ በዓል ብሓፈሻ ብቐንዱ ድማ በተን ኩሉ ግዜ ንውራዳ ኣብ ምጽባቕ ኣብ ቅድሚት ዘሰርዓ ብጣንዴራን ካልእ ነቲ በዓል ዝገልጽ ኣለባብሳን ተሰኒዓን ሓጎሰን ዝገልጻ ዝነበራ ኣደታት ዝውሕዝ ዝነበረ ዕልልታን ጣቕዒታትን ከኣ ነቲ ጽምብል ተወሳኺ መቐረት ሂቡዎ'ዩ ኣምሲዩ።

እቲ “ንያትና፡ ናጻ ሕርያና” ብዝብል ቴማ ኣንቲሉ ብዝተፈላለየ ስነጥበባዊ ማሰናድኣታት ንኽልተ ሰዓታትን ፈረቓን ዝቐረበ ጽምብል መበል 31 ዓመት ናጽነት ኤርትራ ድማ፡ ብትሕዝቶኡ ጥራይ ዘይኮነ፡ ብኣቀራርባኡ፡ ምውህሃድ ተዋሳእቲ፡ ተሳሃይትን ዝተፈላለየ ምርኢት ናይ ተመሃሮን፡ መቐረቱን ስሕበቱን ከይጎደለ፡ ካብ ተሳተፍቲ'ቲ ጽምብል ድሙቕ ጣቕዒታትን ዕልልታን እናተለገሶ፡ ሕጂ'ውን ነቲ ዝተበገስናሉን ዝተሰዋእናሉን ራኢናን ሕልምናን ንምጭባጥ፡ መኸተናን ንቕሓትናን ከሐይል ብምዝኽኻር፡ ብሃገራዊ መዝሙር ተዛዚሙ።

እቲ ጽምብል ምስ ተዛዘመ፡ ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ነቶም በዓሎም ዝደመቑን ዘጸበቑን ተመሃሮን መንእሰያትን ንምትብባዕ፡ ናብ ሜዳ ብምውራድ፡ ናብ ዝተፈላለየ መኣዝን ናይ'ቲ ሜዳ ብምኻድ ምስኦም ከም ንህቢ ብምዕሳል ታሕጓሶም ዝገልጹሉን ኣብ ቅድሚኡ ዝሃንደዱን ዝበሩ ተመሃሮን መንእሰያትን ሳዕሰዑን ሰላምታ ለገሰሎም። በቲ ጽምብል ኣብ ስታዲዮም ተረኺቡ ታሕጓሱ ክገልጽ ዝምስዮ ተሳታፋይ ህዝቢ ድማ፡ “ንዓመታ ከየጉረፈ ከይሸርመመ ብሰላም የራኽበና” ብምባል ብውሽጡ እናደሃየ፡ በቲ ዝተዳለወሉ ሸዱሽተ ዓበይቲ መውጽኢ ኣፍደገ ናብ ቤቱ ኣምረሐ።



# ንያትና ናጻ ሕርያና!

ስእሊ
ኣኽሊሉ፡ ሳልሕ፡ ኣቤል


















# እቶም ምዑታት ማሕዮ

ጴጥሮስ ተፈሪ

ቀዳማይ ክፋል

ኣብ ዘመነ ሰውራ ዝተሰምዱ - ሓያሎ ንሓድ-ሓደ ዕማም ዝገልጹ ከም ባሊኑ ጦፍ፡ ማሕዮ. . . ዝብሉ ልሙዳት ቃላት ነይሮም። ማሕዮ ከኣ ካብቶም ዝኸሩ እዩ፡ 'ማሕዮ' ዝብል ቃል፡ ኣብ እዋን ሰውራ ኣብ ተጋደልቲ ሎሚ'ውን ኣብ ሓይሊታት ምክልኻል ፍሉጥ ቃል እዩ። ስም ናይ ሓደ ንኣብ ብፆማኗኑ፡ ኣብ እንዳ ቦጦሎኒ ተመዲቡ ዝሰርሕ ዝነበረ ንጡፍ ኮተቴ ምንባሩን



ከኣ ኣብራሃም የውሃንስ (እብር) ንባዕሉ ከምዝፈልጦ ኣብ ሓደ ካብ ጽሑፋቱ ጠቒሱ ነይሩ።

ኣብራሃም፡ ማሕዮ ኣብ ሓንቲ ካብ ቦጦሎኒታት ናይ ብርጌድ 23 ከምዝነበረን ኣመና ንጡፍ ምንባሩን ይገልጽ። ኣነ ንፈለማ ማሕዮ ትብል ቃል ዝሰማዕኩዋ፡ ናብ'ቲ ዝነበርኩዎ ኣሃዱ ጽንብር ክብል እንክለኹ እዩ። ቅድመኡ ምልክት (ሬድዮ ኦፐሬተር) ክኸውን ምኳነይ ዝዝበዩ የጋጥሙኒ እኳ እንተነበሩ፣ ሽዑስ "እዋይ ፍሉጥ ንጓኻ ደኣ ኣርኢያ ማሕዮ ክትብርካ እዩ" ክብል ሓደ ተዋዚዩ። ማሕዮ እንታይ ማለት እዩ ግና፡ እንዶ ኣይነበረንን።

እንተኾነ፡ ምልክት ኩይነ ኣብ ዝሰራሕኩሉ ክልተ ጉዕዞ (ቅድምን ድሕሪን ናጽነት) ዛጊት እውን ዘይርስዖምን ብኽብሪ ዝዝክሮምን ኣመና ተባዓትን ንጡፋትን ኣብ ዝኣተውዎ ኩናት ወሰንቲ ማሕዮታት እፈልጥ።

ማሕዮታት፡ ከም'ቲ ንሓያሎ ሰባት - ኣብ ቤት-ጽሕፈት ወይ እንዳ እዚ ኩይንካ እዋናዊ ስራሕ መተብበር ጥራይ ዝሰርሑ ዝመስሎም ኣይኮኑን። ማሕዮ ከም ስራሕ ስሩዓት ወይ ከም ጸርፊ ዝርእዩዎ እውን ኣይሰኣኑን። እንተኾነ፡ ኣበርክቶ ማሕዮታት መዳርግቲ የብሉን። ባህሊ ማሕዮ ዘወራረሰ ትብዓትን ጅግንነትን እዩ ዘለዎ።

ማሕዮታት ዝዓምዎ ዕማም ብዙሕን ብሰብኣት ዝሰራሕ ዕማምን እዩ። እንተስ ብምስጢራውነቱ ምልክት እውን ክፈልጥዎ ዘይተደልየ፣ እንተስ ብንውሓቱ ብረድየ ክሓልፍ ዘይክእል ኩይኑ ዝተዋህቦም መልእኽቲ፡ እንተስ ብጸሓይ እንተስ ብበርሃን ዝሰገር ብርእሰ ምትእምማን ሰጊሮም፣ ናብ ዝተላእኩዎ ዘብጽሑ ንሶቶም እዮም።

ኣብ እዋን ኩናት፡ ኣዘዝቲ ሃሞምን ቀልቦምን ኣብ ናይ ኩናት ምምራሕ ገይሮም ክሰርሑ እንክለዉ፣ ካብ ዝተፈላለዩ ናይ ጸላኢ ሰልኳታት ዝከላኸሉ ትካራት ሓለዋ፣ ጸላኢ ሰሊኹ ደዩ ፈንጠሱ ኣብ ከባቢኦም እንተነበጸሖ ጸፊዖም ዝመልሱዎ ንሶቶም እዮም። ልዕሊ ኩሉ ምስጢረኛታት ከኣ። ኣብ ከባቢ ኣዘዝቲን ኣብ ማእከል ወይ ከባቢ ምልክት ዘለውዎ ዝሰርሑ ከም ምኳኖም፣ ኣብ መንጎ ስራሕ ህሩግ ኢሎም ንዘሰምዕዎ ንዘመሎቐ ዝዘርቖ ምስጢር፣ ኣብ ከብዶም ይዓቑሩ። ባህሪን ባህሊን እቲ ኣዛዚ ይላበሱ።

ኣብ እዚታት ኩይኖም ስለዝዮጸዩ፡ ተደጋጋሚ ካብ ዝርእዩዎ ኣመራራሓ ተመኩሮም፡ ንዝተወግኡ ወይ ዝተሰውኡ ኣዘዝቶም ተኪኦም ዘዋግኡ እውን ኣለዉ። ተመዲቦም ናብ ሓይሊታት ኣብ ዝኣትዉሉ ዝህልዎም ብልጫ ልዑል እዩ። ቀልጠፎም እዮም ናብ ሓላፍነት ዝድይቡ። ወይ ክኾኑ እንክለዉ ብቕጥታ ብሓላፍነት ይምደቡ። እዚ ምናልባት እቲ ኣብ ከባቢ እዚታት ኩይኖም ዝሰርሕዎ ግዱ ዝጠቐሞም ኩይኑ፣ ኣመና ንቑሓትን ንጡፋትን እዮም። ንመስዋእቲ መውጋእቲ ድምብርጽ ዘይብሎም ምኩሓት።

እታ ንፈለማ እዋን ማሕዮ ዝብል ቃል ዝሰማዕኩላ ምሸት፡ ንባዕላ ታሪኻዊ ቁወም-ነገር ገድሊ ዝሓዘለት ኣመና ተዘኮሪት ምሸት እያ። ኣብ'ቲ ግዜ'ቲ ብርጌድና ኣብ ከባቢ ርእሲ ዓዲ ዝርከብ ብዓል ርእሲ እምባ ደርሆ ዝብሃል ቦታ፡ ኣብ ዲቕ ዝበለ ኩናት እንክሎ ኢና ካብ ታዕሊም ተጸንበርናዮ። ወቕቱ፣ ወቕቲ ኣዝመራ ወይ ጽድያ'ዩ ነይሩ። ማይ ንሓንሳብ ብርቱዕ ንሓንሳብ ካፉ ጀሎም ምባል ዘይብትከሉ ዕለታት፡ ኣብ ፍልፍል ሰለሙና።

ናብኡ ካብ እንጽሕ ሳልስቲ ኢና ገይርና ነይርና። ኣብ ሓንቲ ቴንዳ ኣቦላት ቁጠባን ኤምዳድን "ኑቲኣ ከምዚ ግበራ ኑቲኣ ኣጣጥሓያ እናበሉ፣ ኑቲ ኣብኡ ተደርዲሩ ዝነበረ ሰንዒ ኩነ ዕጥዒ ክሎብጡ ቀው ኢለ እጥምቶም ነበርኩ። እዚ ክንድ'ዚ ተዓብን ምምድማድኒ እንታይ ዝበለ ክቡር ንብረት ከቕምጥሉ እዮም ኢለ፣ ኑቲ ኣብ ልዕለኡ ከንብርዎ ዝደልዩ ዝለዓ ንብረት ክርእዮ እህንጠ ነበርኩ። ምስ ወድኡ ግና፡ እቲ ዝጸበዮ ዝነበርኩ ንብረት፡ ኣነን እቶም ምሳይ ዝመጹኡ መናጃስ ብጾተይን ኩይንና ጸናሕና። እዚ ኹሉ ምግልባጥን ተዓብንን ንዓና ማይ ከይንጥልቅን ጥዒመና ንክንድቅስን እዩ ነይሩ። ዓጅብ ፍቕርኻን ሓልዮትካን ካብ ብጾት ምርኣይ ንላዕሊ ዝበልጽ እንታይ ክህሉ ኣሎ።

ኣብ'ቲ ሽዑ ምሸት እናሰርሑ ዝጨራረቕዎ ዝበሉ ብፍጹም ዝርሳዕ ኣይኮነን። ብፍላይ ሓደ ተሰፋሂወት ዝበሃል ኣባል ቁጠባን ደበሳይ ኣስፋሃ መደኻሌ ዝበሉዎ ኣባል ኤምዳድን፡ "ኢታ ዓይኒ በርቂ" ይብሃሉ ነበሩ። እናሰርሑ ብኣዒንቲ በርቂ ክማረቑ ኣምሰዩ። ኢታ በርቂ ትብሃል፣ ኢታ ምስኦም ዝነበረት "እህእ" እናበለት በዓኻ ከምስን ሓሓሊፍካ ፎኩሰ ጸርፍን ዋላ ኣይትኹሪ ኣይትሓርቐ።

እታ መላገጺት ኩይና ዘምሰየት፡ እታ ጉዳምን ክትሕብሕብና ዘምሰየትን ጉዳም ተጋዳሊት ምኳና ምስ ፈለጥኩ፣ ምድፋሮም ንምግራመይ ሰማይ ኣብጺሑ። 8 መናጃስ ሰለስተ ደቂ-ኣንስትዮ፡ ኣርባዕተ ኣወዳት ኣብ እንዳ ፊተውራሪ ተዓለምና ዝመጻእና መብዝሕትና ትሕቲ 16 ዓመት ዕድመና ኢና ነይርና። ኣብ'ቲ ዝመዳመዱልና ቴንዳ ከኣ ማይ ኣይዛርመና ዛሕሊ ኣይኣትወና፣ ምናልባት ድሕሪ ምስላፍና ዝጠዓመት ለይቲ ከይኮነት ኣይትተርፍን በጥ ኢልና ሓደርና።

ንጽባሒቱ ምስ ቁረስና፡ በርቂ ንዓይን ኣልማዝ ለገሰ ንዝተባህለት ካልኣይቲይን ጸዊዓ ሒዛትና ናብ'ቲ ኣብ'ቲ ከባቢ ዝነበረ ሕክምና ክ/ሰራዊት 96 ወሰደትና። ኣብኡ፥ ኣብ ከባቢ ርእሲ እምባደርሆን ደብረ-መዓርን ዝቶደ ኣብ ዝነበረ ኩናት ዝተወግኡ፣ ናይ ብርጌድና ቀሰላት ነበሩ። ኣብኡቶም ክሳብ ንጽሕ ንሕና ዝፈለጥናዮ ነገር ኣይነበረን። ተበገስ ተባሂልካ ምብጋስ ጥራይ እዩ። ቀቅድመና ግና ጀራብናት ዝተጻዕነ ሓደ ኣድጊ ኣሕሊፉ ነበረት።

ሓያሎ ዝኣከቡዮ ኩሸኻን ዝጸላታትን ኣሰኪማትና ብምንባራ ከኣ፥ ክትሓጽብ እያ ትኸውን ኢልና ገመትና። እንተ ኣብ'ቶም ውጉኣት ምስ በጻሕና፡ "ንዑ" ኢላ ናብ ማእከሎም ኣእትያ ሰላም ከም እንብሎም ገበረት። ህሉያት እኳ እንተነበሩ፥ ሓደስቲ ምኳንና ዝፈለጡ ይመስሉ ኩሎም ብዝኸኣሎም ብፍሽኽታ ሰላም በሉና። ንገለኦም ኣእዳዎም ወስ ከይበሉልና ዘይክኣሉ፣ ባዕልና ተተደብርና ሰዒምናዮምን ሰላም በልናዮም። ተሓገሰናን ኩራዕናን ከኣ።

ኣብ ሩባ፥ ኣብ ትሕቲ ኣግራብ እዮም ኣብ ሑጻ ደቂሶም ነይሮም። ኩሎም ባዕሎም ክንቀሳቐሱ ዘይክእሉ ህሉያት እዮም። ንና ሰላም እናበልናዮም እንክለና፡ በርቂ ዘይተጸበናዮ ስራሕ ጀመረት። ንገሊኦም ወደያም ንኸሊኦም፣ ክዳውንቶም ዋላ ኩሶትሞኦም ከየትረፈት ባዕላ ከተውጽኣሎም ምስ ርኣና ሰንበድና። ብፍላይ ምሳይ ዝነበረት ካብ ሱዳን ዝተሰለፈት ኣልማዝ (ኣልማዝ ማንጁስ) በርጊጋ ከደት። በርቂ ንየም ጥራይ ዕርቃኖም ኣውጺኣቶም ዝነበረት ተመሊሳ ካብ'ቲ ካብ'ቶም ኣቦላት ቁጠባን ኤምዳድን ኣኪባ ኣሰኪማትና ዝኸደት ኩሾኻን ኣንሶላን ኣዕጠቐቶም።

ኑቲ ክዳውንቶም ኩሉ - ረጃ፥ ኩሶትሞ፡ ጥዑይ ይኹን ዝተቐዳደደ ማልያ፡ ሚላኖ ካምቻታትን ስረታትን ኣብ ሰለስተና መቑላ - ሒዛትና ናብ'ቲ ጃሕጃሕ ዝብል ዝነበረ ሩባ ፍልፍል ወረደት። ኣብኡ ከኣ ንዓይ ማይ መሊኣ ጸዊና ንቡታና ትሰደኒ፣ ንኣ ምስ ኣልማዝ ኩይና ንክዳውንቲ እቶም ብጾት ትሓጽብ፡ ክሳብ ኣነ ካልኣይ ግዜ ኣብጺሐ ንኣልሳይ ዝምለሶ፣ ሓጺባን ኣንቂጻን ወድኣ።

ኣብ ሳልሳይ እግረይ ተተሓሒዝና ንቡታና ተመለስና። ኣብ ከባቢ ውጉኣትና ዝነበርዎ ምስ በጻሕና፣ ኑቲ ጸፀት ክልተ ጀራባን ኣብ'ቲ እቶም ውጉኣት ዝነበርዎ ኣራጊፋ፣ ብዝጠልቀያ ጨርቂ ኑቲ ዝደረቐ ኣብ ኣካላቶም ዝነበረ ደም እናደራረዘት፡ ከም'ታ ባዕላ ዘውጽኣተን ደጊማ ባዕላ ከክዳውንቶም ኣዕጠቐቶም። በርቂ፡ ዋላ'ኳ ገለ-ገለ ደቂ-ተባዕትዮ ብስክፍታ ጸርጸር ዝበሉ እንተነበሩ፥ ንሳ ግና እዚ ኣይዝብቶምን።

ንኹሎም ንቕድም ክዳውንቶም ደሓር ኣካላቶም ኣጸራርያ ወደኣት። ንሕና እቶም ዝ. ክንርኢ ዝወዓልና፡ ንና ምልክት ዲና ክንከውን ወይስ ማሕዮ ወይ ካልእ ዘይፈለጥና ኣነን ኣልማዝን፡ ብኣደናቖትን ኣግርሞትን ንየም መታዓልምትና መዕለሊ ኩይኑና። ምሸት ተደረርና ኣብታ ብቕድሚኡ ምሸት ዘጣጥሐልና ቴንዳ ደቀስና፡ ምስ'ቶም ኣብኡ ዝጸንሑና ብዑት ብኣግርሞት ብዛዕባዚ እናኣዕለልና - በርቂ ሕውስ በለትና። ሽዑ ንበርቂ ልዕሊ ማንም ሰብ ብኽብሪ ርኣኽዋ። ኣብ ቅድሚኣ ተሰሪዑ ናብ ልበይ ዝኣቱ ሰብ ኣይነበረን። እንተ እቲ ጭርቃን ብኣዒንታ ግና፡ ሽዑ ምሸት እኳ ይዕምር።

ኑቲ ንሳ ዝወዓሉቶን ንዓና ዘበረመን ኩነታት ወዕሎ በርቂ ዝተረድኦ - ተሰፋሂወትን ደበሳይን ካልኦትን



ጭርቃኖም ጀመሩ። "መናጃሱ ብዘሰሰ እያ ብዘሰሱ፡ ስራሖምን ከሶትምኦምን እንተ ኣውጽኣትሎም፣ ትርእዮም ዝነበረት ደዩ መሰልኩም? ንዓኣ ምሓሻ ምተሳለየቶ እኳ" ክብሉ ጫረቑ። 'ንኣድጊ ዘይከበዶ ንመጸዓን ከበዶ'፣ ንዓኣ ዕጅብ ዘይብላ ሽዑ ብዓይና ምውዛዮም ንዓይ ኣሕመመኒ። በርቂ ጅግና ተጋዳሊት'ያ መንፋዓታ'ዩ "በርቂ" ዝብል ሳጓ ዘውሃባ።

ኣዒንታ ብኣልቢ ባሩድን ካልእን እየን ጨምቲለን። "መን ኣደኹም ምርሑኒ ዝበለኩም ኣሎ። ንዑ እንዶ ብተኾሰ ንወዳደር" በሉዮም። መዓስም መልሲ ይጠፍኦም "ንምትኳስ ደኣ ደይ ሓንቲ ዓይኒ እያ ተድሊ፣ ንዓኣ እኳ ኣጨምቲልካ፤ ክልተ ኣዒንትኺ ተደሚረን ከኣ ንተኹሲ ትኸውን ሓንቲን ጨምታልን ዓይንስ ይኣኽላልኪ እየን" ክብል መለሰላ ተሰፋሂወት። ቀሺ ኤርምያስ ዝተባህለ ሓይ፡ ኣብ ታቡሕረት ግንባር ደቀምሓረ ካብ ዝተሰውኡ ጀጋኑ፣ ኣብ'ታ ቅድሚኣ መደቀሲ ከተዓራርዩልና ዘምሰዩላ ምሸት፣ ብዘይካ ምስራሕ ዘረባ ዝበዝሓ ዘዮምሎቐ "ኣረ ዘይተሓፍረልኩም ሓደ ከይኣኽለስ ብኣደ ወስ ክልተ ማሕዮ ቁጺራ፣ ንብረት ዓዲ ሃገር ክትወርር ወዒላ" ክብል መልኣሎም።

ሃገር ማሕዮ ንኻልኣይ ግዜ ሰማዕኩዋ። "እዚኦቶም ሰብ ቀለም እዮም። ኣብ እንዳ እዚ ኩይናም መማህራንኩም ክኾኑ እዮም" መለሰት። "እንቲ እወ እንዳ ንሰር ደኣ ዋላ ናባና እንተተመደቡ ንሰር ከምዝብልዎም ኣይጠፍኣናን። ዘዞርበና ዘሎ ሎሚ ንስኺ መጋበርያ ገይርክዮም ምውዓልኪ እዩ። ሓይሊታትና ከይተላለዩ ንብረት ሓይሊታትና ከተሳልየዮም ውዒልኪ፣ ንሓይሊታትና ትልግጽ ውዒልክሎም"። ንሰር ብቋንቋ ትግራይት ነጆ ማለት እዩ።

ድሕሪ ከም ዝፈለጥኩዎ እንዳ እዚ እንዳ ሓለፍቲ ስለዝኾኑ፡ ዝደለዩዎ ሰብን ንብረትን ናባና ኣብሎ እዮም ዝብሉ ብምባል፡ ዘጠመቑዎ ሳጓ እዩ። እንተ እቲ ጭርቃን ናይ'ታ ምሸት ብዙሕን ደስ ዘብልን ወኻዕኻዕ እዩ ነይሩ። ንጽባሒቱን ኣብ ሳልሰይቲን ምሸት ግና ኣይግድን፣ ኩሉ እቲ ወኻዕኻዕ ኣብ'ታ ቴንዳ ኣይነበረን። እቲ ሃዋህው ብኣንጻሩ እዩ ኩይኑ።

ከባቢ ሰዓት 5-6፡00 ድሕሪ ቀትሪ'ዩ ነይሩ። ካብና ፍንትት ኢሉን ኣብ ዝነበራ ክፍሊታት ክ/ሰራዊት 96 ክትኩስ ሰማዕና። ንሕና ኢጋይሽ እንታይ ኩይናም ደኣሎም ኢልና ግር ኩብለና እንክለና፣ እቶም ዝተረደኦም ጉዳይም ግና፡ "ዓወታት ኣሎ ዓወታት" በሉ። ኣይደንገየትን እውን ሬድዮ ኦፐሬተርና (ምልክት) ደመና ብርሃ ኣብ'ቲ ሳዕሊ ኩይና "ዓወታት ዓወታት!" ድሕሪ ምባል፡ ዓዲ ቐይሕ ናጻ ከምዝወጸኣት ሓበረት። ብረትካ ኣለልዒልካ ከኣ ናይ ደስ ደስ ንሰማይ ብጥይት ሕረስ ኩኑ። ንዓና እውን ክንትኩስ ሃቡና። ቢቃ ደሱደስ ዝበዝሓ ሰዓታት ምዉቕ ሃዋህው ነበረ።

ሓጎስና ዝያዳ ከይጸምበልና ድሕሪ ቁሩብ፡ ሽዑ ሓላፊ ቁጠባ ብርጌድ 19/52 ዝነበረ ኣብ ሳልሳይ ወራር ወያነ ዝተሰውአ ተስፋሰላሰ ብርሃ (ዳዱ) ንዝበሃል ብጻይ፥ ሓደ ኣብ ርእሲ ዕጥቁን ብረቱን ካልእ ደም ዝተጸያየቐ ዕጥቅን ብረትን ተሰኪሙ ዝመጽኣ ብጻይ - እንታይ ተዛሪብዎ ኣይፈልጥን - ዳዱ ሽዑ ንሽዑ ርእሱ ሐዚ ኩፍ በሉ። ንእለት ከኣ፥ ብሓዘን ዝተወረረ መሰሉ። በብሸነኹም ዝረኣዩዎ ብጾት ናብኡ ገየዩ።

ይቕጽል . . .

ጥዑምዝጊ ተስፋይ

# ናጽነት ኣብ ትርጉም



ሓያሎ ሰባት ትርጉም ናጽነት በርሃው ኣሉ ምርኣይ ይኣብዩና እዩ። ‘ናጻ ኢና’ ኢልና ዝጀመርናዮ መንገዲ ናብ ዘደናግር ጉዕዞ ይመርሓና። ናጽነትና ኣብ ምንታይ ከም ዝኾነን ኣበይ ከም ዘሎን ይወጻብረና። ካብ መንነትናን እንታይነትናን ወጺእና ትርጉም ንህቡ።

ጸገቐ ናጽነት ጥራይ እምበር፣ ምስጢር ናጽነት ዘይንፈልጥ እውን ብዙሓት ኢና። እንሓንሳብ ከበቢና ብዘጋጠመ ብዘይደረት ክንስንድር እተፍቅደልና ኩይኑ ይስመዓና። ናጽነት ኩሉ ድልየታትና እተማልእ እውን ይመስለና። ንተቐማጋድነት ሂወት ኣብ ግምት ካብ ምእታው ንኸውር።

ኣሜል ሰያራን ዚ ከም'ዚ ዝበለ ኩነት ግዲ ተዓዚቡ፡ “ናጽነት ኑቶም ዘይወጽኡዋ ኩሉ ነገር ኢያ። ኑቶም ዝወጹዋ ግን ክንዮ ክውንነት ኢያ” ብምባል ሕልሚ ናጽነትን ጋህዲ ናጽነትን ከም ዘይዛመድ ይገልጽ።

ናጽነት ኣብ ወሸጥና እንተ ዘይረኺብናያ፡ ኣብ ጥቓና የላን። ትርጉም ናጽነት ኣብ ወሸጥና እንተ ዘይሰፈሩ፡ ማእለያ ምስ ዘይብሎም ግዳማዊ ትርጉማት ክንሕሉብት ንኩብር። ናጽነት ንምምላጽ ዝተባህለ ኣመና ብዙሕ እዩ። “ናጽነት ጌጋታት ናይ ምፍጻም ናጽነት ዘይብሉ እንተ ኮይኑ ዋጋ የብሉን፡” ማህተማ ጋንዲ

“መን ምኽንያይ ምስ ፈለጥኩ ናጻ ክኸውን እየ” ራልፍ ኤሊሰን፡ “ንኡበሽካ ናብ'ቲ ዝዓሞቐ ፍርሕኻ ኣቃልዕያ። ድሕሪኡ ፍርሒ ሓይሊ ኣይክህልዎን እዩ። ኣብ ናጽነት ዘሎካ ፍርሒ እውን ካብ ወሸጥኻ ሃዲሙ ክሽረብ'ዩ። ድሕሪኡ ናጻ ኢኻ፡” ጂም ሞሪሶን

. . . ብዙሓ ናጽነት ዝተባህሉ ማእለያ የብሎምን። ዝበቐዓን ዘይበቐዓን ኣድማዕዊ ዝመሰልን ኩነታዊን ትርጉማት ተዋሂበዋ። ኩይኑ ግን ናጽነት ብቓላት ወይ ብዙሓ ብምልኣት ክትግለጽ ኣይክኣለትን። ብዙሓ ናጽነት ተደሪፉ፡ ተዘሚሩ፡ ተተሪኹ፡ ተገጢሙ፡ ተጠቒሱ፡ ተቐቢሉ፡ ተቐሪጹ፡ ተመዲሩ. . ። ተለቃቒቡን ተማላሊኡንዶ ብምልኣት ይገልጻ ይኸውን? ናጽነት እዛ ስቡሕ ግራት ጥበበት ዝኾነት ኣምር!

“ሓቀኛ ናጽነት፡ ናይ ካልኣት ናጽነት ኣብ ምኽባር እዩ ዘሎ” ኣይዘንግዐር። ናጽነት፡ ኣብ መንፈስ እትነብር ምኽና ጥራይ ዘይኮነ ምስ ናጽነት ካልእ ሰብ፡ ጉጅለ፡ ህዝቢ፡ ሕብረተሰብ. . . ተዛሚዳ እተገሳእስ ብምኽና፡ ጨናፍር ትርጉማ ብቐሊሉ ዝጥመር ኣይኮነን። ስለ ዝኾነ እዩ ድማ፡

ብሊልያን ሀልማን “ብዘይናጽነት ዝነብር ኖፍሲ-ወከፍ ሰብ፡ እቶም ዝተረፍና ገበኛታት ምኳንና እዩ ዝገብረና” ዝተባህለ። ናጽነት፡ ኣብ ናጽነት ካልኣት ሰባት እዩ ዘሎ። ናጽነት ካልኣት ሰባት እውን ኣባኻ እዩ ሰፊሩ። ናጽነት፡ ንበይና እትለዓል ቃል ኣይኮነትን። ብሓደ ሽነኽ ጥራይ ክትበሃል እውን ኣይትኽእልን። ሕብራዊት ኢያ። እቲ ዘሎን ኽኑ ዘይተፈጥረን ሕብርታት። ውልቃዊ ናጽነት ኣብ ሓበራዊ ናጽነት ብምህላው፡ ናጽነት ኣብ ሃገር፡ ህዝቢ፡ ኣብ ከባቢ፡ ኣብ ዓለም. . . እንተ ዘይሰፈረ፡ ገለና መንጠልቲ ናጽነት፡ ገለና ድማ ደለይቲ ናጽነት ኴንና፡ ከላትና ብዘይናጽነት ንነብር። ዓለምና ድማ ናጽነት እናተመናጠለት ናጽነት ንምኽባር ከይደቀሰት ከም እትሓድር ትምድር።

ኣላን ዲን ፎስተር “ናጽነት ጸቡቕ ብርሃን ዘለዎ ሕንፍሽፍሽ ወይ ዕግርግር ኢያ” ክብል እዩ ኣብ ናጽነት ካልኣት ዝግበር ቀለዕ ጥሕሰት ዘብርህ። ትርጉም ናጽነት ደረት ኣልቦ ይኹን፡ ጸልግልግ ደብሉ፡ ሕወሰወስ ደብሉ፡ ይቖንጠር ግን፡ ናጽነት ልዕሊ ኩሉ ነገራት ተመሪጻ ኣብ ምኻን ኣይዓገታን።

ወዲ-ሰብ ምእንቲ ናጽነት ክርኩብን ናጽነቱ ከውሕሰን ብኣኩብ ይኹን ብውልቂ ሂወቱ ክሰብ ምኽፋል ዝኸይድ ቃልሲ ኣካይዱ እዩ። ሂወት ብዘይናጽነት “ትርጉም ኣልቦ” ዝበል ቅጽል ተዋሂብዎ፡ ብዘይናጽነት ካብ ምንባር - ዘይምንባር ተመሪጹ።

“መዋእልካ ኣብ ማእሰርቲ ካብ ምንባር፡ ንናጽነት ተቓሊስካ ምማት ይበልጽ” ቦብ ማርሊ። ንኣብነት፡ ተጋዳላይ ሰውራ ኤርትራ “ዓወት ወይ ሞት” ኢሉ'ዩ ንኡብሱ ንኽርተት ዓመታትን ንመሰዋእቲን ድልው ዝነበረ። ናጽነት ንኽርኩብ! ናጽነት ኩሉ ሰብ ሃረር ዝበላን ገለ ከይዞብኮ ዘይትርኩበን ብምኽና ክብደታ ደረሩ።

ማርቲን ሉተር ኪንግ ከም ዝበሎ “ናጽነት ብፍቓድ ዓማጺ ንዋናኡ ዝውሃብ ኣይኮነን። ዋና ባዕሉ ክወስዶ ዘለዎ እዩ።” ስለ ዝኾነ ከኣ ካብ ናጽነትካ ዝዓገተካ ሓይሊ ክትኣሊ ግድነት ይኸውን። መናብርትኻ ጎረቤትካ ከባቢኻ . . . ናጽነቱ ተኽብረሉ፣ ንሱ እውን ናጽነትካ ክኽብረልካ ይግደድ። ዚ ጥሐሱ ናጽነት ዝቖርምመልካ ወይ ጠቐሊሉ ዝጨወየልካ እንተኾይኑ ሓይሊ ካብ ምጥቃም ዝበልጽ ኣማራጺ ደሰኣን'ሞ፡ ናጽነት ንኽትከስበ ትንፋስ ምውፋይ ዘጠቓልሉ ሓያሎ ነገራት ትሽስር።

“ንናጽነት ዝኸፈልናዮ ዋጋ ብዘየገድስ ኣፍ ልብና ንፍሕ። ምኽንያቱ - ናጽነት ብዋጋ ስለ ዘይትመን።” ለች ዋለሳ።

---

## ዝገሃድ ሕልም'ኪ

ባህረርስ ይኹን መወናወኒ
ዝተሓሰበሉ ደዩ ወዘቢ ተቐጃለ
ዝበረን ዘሎን ዝሀሉ ቀጻሊ
ካብ ናብ ዝፈላለ ይሕሰም'ዩ ሕልሚ።

ንሱ ግን. . .
ልቢ ዝሓለና ግድን ተጋዲ
ብርሃን ድሕሪ ጸልማት ተጨቢጢ
ባህጊ
ንውሓቱ ከሕጸር ኣቲ ነዊሕ ለይቲ
ዝዝሃድ ይሓልም መሪሕ ገይሩ ራኢ።

ራህዋ እናማዕደወ ክንዮ ደረት ትርኢት
ሰብ ሰርሖን ባህርን በዓዲ ፅንቅፋት
ከም ወህብ ወሰዱ ከውሕስ ቀጻልነት
ወለዶ ክጥዕሞ ይሓልም ዝዝሃድ።

ማስተርሀያት ክፈጥር ወግሐ ጸብለ
እምነቱ መሊኡ ተሰፋኡ እናብርሀ
ንሱ ግን
ከም መትከል እምነቱ
ዝኸውን ከይተሳ ዝመጸ ፈሊጡ
ጸገማት ተተኻኺኹ ሓዮ ተቐጺቱ
ፈቓቕ ዘይከፍት ባህሉልምዱ።

ካቢ ሓደ ልቢ ኮይኑ
ኣብ ሰደት ኣብ ዓዲ ሰላሙ
ከውሕስ ብሓደ ዘዕቢ ዝዝሃድ
ይሓልም ዘይጻዓድ
ህዝቢ ኩሉ ካብኡን ናብኡን
ዝተባህለ ደብዛል
ልክዑ ዝገልጽ ቃላት ኣይርከበን
ከምኡ እንተዘይከውን
ምተሳዕረ ቀደም ከማኡ'ተዘይሕልን።

ምግደፎ ምሕላም
ጸባሕ ንኽድቅስ ለሚ እናንቐሐ
ዓቐሊ እናወሰኸ ዓቕሙ እናራብሐ
ታሪኹ ይዕቅብ ታሪኽ እናሰርሐ
ምውቕቲ ሰድራቤት መሰረት ዓለሙ
መኣዲ ተኸሉ ባሪኹ ኣማሰጊኑ
ፍቕሪ ዝጸግቦ ረኸቡ ሰኣኑ።

ኣብ ሓቅን ብሓቅን ቅጥና ዘይሰበር
ብስነ-ፍቕሪ ሓልየት ምክብባር
ራእዩ ኣጺፉ ብሓሳብ ተግባር
ክዕወት ይጽዕር ክህሉ ይነብር
እናተመላልአ ከይተጎዳጀለ
ኪዳኑ ኣጽኒዑ ከይተጠላለመ
እቲ ሓደ ፈቲሑ ናብቲ እናሰነመ።

መኻልፍ ሕልሙ ይገጥም
ፈተነ ሕልሚ ወትሩ የማእዝን
ኣንፈቱ
ስጡም ወህደት ብርኩት
ዋሕዲ ምእኩት እቶት።
ዝሕፈስ ካብ ዓውዲ
መእሰርኡ ፍቕሪ ምስክሩ መኣዲ።

ምሕላም እንተዘገደፎ ለይቱ
መን መውግሐ ሕልሙ
እንተዘይመርሖ
ኣብዚ መን መብጽሖ
ሕልሙ እንተዘይሰርሖ
ለሚ መን መጽንሖ
መን ምወረሶ ሓሳድ መን ምገርሖ
ጸባሕ መን ምኸዶ'ቲ ዝቐጽል ጉዕዞ. . ?

ተስፋልደት ኢሳቕ

---

## ኣልማዝን ኣስራዝን

ዋላ'ኳ ሓደ እንተመሰላ
‘ናጽነት’ እንተ ተባህላ
ናጽነት ብናጽነቱ
ብዙሕ'ዩ ዓይነቱ
ናጽነት ብናጽነቱ
ኣለዎ ነናቱ።
ናጽነት፡ ቀለምን ቃልን
ቀሊልን ጎልጉልን
ናጽነት ደም ግን
ካብ ሓጺን ይረዝን
ይሓተካ ገድልን ገደልን
መውጋእትን መስዋእትን
ናጽነት ህያብን ናጽነት ደምን
መኣስ ሓደ ኮይነን ፍልልየን
ናይ ሰማይን ምድርን
ዋጋ ኣልማዝን ኣስራዝን
እታ ሓንቲ ቀላልን ፈኲስን
እታ ኻልእ ካብ ሓጺን
ትረዝን
ሓደ መኣስ ኮይኑ ቀለምን
ደምን
እታ ሓንቲ ትምጠወልካ
እታ ካልእ ግን ዋጋ
ተኸፍለካ

ዋጋ ብዋጋኡ ዋጋ ዓጽምን
ደምን
ወርቃዊ ግዜን ዕድመን
ናጽነት ቀለም ደኣ ህያብ
እንደኣሉ
ኣይትዋግኣሉ ኣይትሰወኣሉ
ኣይትጠምየሉ ኣይትጸምኣሉ
ኣይትርህጸሉ ሞሳ
ኣይትወቕጠሉ
ኣብ ሰደቓ ኮፍ ኢልካ
ወረቐት ገንጺልካ
ብርዒ ተንብረሉ
ሽዑ ኣኸለ ኣኺሉ
ናጽነት ተባሂሉ
ስም ይወጽኣሉ
ሰባት ተኳይዮም ባንዴራ
ይተኽሉ
ናጽነት ግን ህይወት'ዩ ሓቲቱ
ህይወት ብህይወቱ
ሐሕመረቱ
ናይ ኣሽሓት ዓጽምን ደምን

መከራን ሕሰምን
ወዮ ደኣ ቃላት ጎደሎ ኮይናም
እምበር
መለኣም ዘይገልጹ ንተግባር
ቋንቋታት ዓለም ኩሎም
ተኣኪቦም
ቃላት መራረጽም
ጥቡብ ኩሓሒሎም
ኣይምገለጽዎን እቲ ዝሰራሕ
ብተግባር
እቲ ዝዘረብ ብቓል
መኣስ ሓደ ኮይኑ ቃል
ለሳህሙቱ'ዩ ዝሞገር
ግብሪ ግን ወሻጠ'ዩ ዝብርብር
እዛ ናጽነትና ለሚ ንውንና
ናይ ቀለም ኣይኮነትን
ወሲዳ'ያ ቀያሕትን ጸለምትን
ኣገባብ ጎረዙን
ጸንታን ኣዮ ሰድራን
ደም ሰብ'ዩ ሰትዩ ሰራውራ
ኣዕጽምቲ ሰብ'ዩ ጨናፍራ
ህዋሳታ ህዋሳት ኣዳም

ዝነልቡ ደም ሰብ ሰትዩም
ኣብ ጨናፍራን ሰራን
ኣብ ጉንዳን ኣቑጽልታን
ኣሽሓት ሰማእታት ኣለዉ
ብርሑቕን ቀረባን ዘማዕድዉ
ኣብ ህንጻ ናጽነት ደም ዝፋናም
ኣንበርም ንሕና ዝሰራሕና
መስተንክር ኢደና ዘእተናዮ
ኣብ ኣፍ ገበል ዝጠወና
ቀላጽም ጎቢል ኣሎና
ፍሉይ ምስጢር እወ
ናጽነት ኣልማዝ ኢና
ንሕሉ ዝጸናጽነዋ
ኣናብስ ተኾሉ ኣዒንቶም
ከፊቶም
ቀንፊዘው ዝበሉ ናጽነት
ኣስራዚ ደኣ እንታይ ሓለዋ
የድልያ
ዝበኢ ኣይጥምታ ውኻርያ
ትጸንሓካ ኣብ ዘቐመጥካያ።

መም/ልዳም ተስፋይ

## ኣብርሃም ዮሃንስ (እብር)

2ይ ክፋል

# ገድልን ተጋድሎን

እቲ ኣብ ሳሕል ዝተኻየደ መድረኽ ምርብራብ ብቐሊል ኣይተሓልፈን። ጸላኢ'ኳ ኣዳኺምካ ናብ መድረኽ ጀላኑት፡ ካብኡ ድማ ናብ መድረኽ መጥቃዕቲ ንኽትሰጋገር ዘሎ ግዜ ብቐሊል ዝበጽሕ ኣይነበረን። እንተኾነ ተጋዳላይሲ ነቲ ደብና ዘይነብሮ ሰማይ ሓደ መዓልቲ ደብና ሓዚሉ ማይ ከም ዘዘንብ ኣይተጠራጠረሉን።

ነቲ ደብና ዘይብሉ ሰማይ ርእዩም ተሰፋ ዝቖረጹ ግን ካብ ፈለግ ገድልን ተጋድሎን ክእለዩ ባህርያዊ እዩ። ብሰሪ ረብሓን ትሑት ፖለቲካዊ ንቕሓትን ንገድሊ ተጋድሎን ኣብ ሸንኮለል ንኽኹብሩ ዝፈርዱዎም ናይ ክድዓት ሓይልታት እውን ኣይተሳእኑን። ብሰሪ'ዚ ድማ ኩናት ሓድሕድ ተወልዐ። እቶም ነቲ ሓዊ ዝኣጉዱዎ በቲ ሓዊ ተለብለቦም ካብ ማስመር ገድልን ተጋድሎን ወጺኦም። እቶም "ሎሚ እውን ከም ትማሊ" ዝበሉ ገድልን ተጋድሎን ግን ብውሑድ ቍጽሪ ቀጺሎም። "በይንና ድኣ ክንወጾ ዲና?" ብምባል ከይተሸበሩ ከኣ ገጢሞም።

ወራራት ጸላኢ፡ ሓደ፡ ክልተ፡ ሰለስተ... እናበሉ ሓለፉ። ዝፈየዱዎ ፍዳ ግን ኣይነበረን። ሓደ ድሕሪ'ቲ ሓደ እናተቖጸሩ ጥራሕ'ዮም ሓለፉ። ጸላኢ ግን ኣብ ኩሉ'ም'ዩ ፈኪሩ'ሞ፡ ኣይነበረን ሻዱሻይ ወራር።

"ላንዴና ለመጨረሻ" ዝዓበየትን ንኹሉ ትምኒታቱ እተጠቓልል ጭርሖ ጸላኢ እያ። ብቛንቋኦምሲ ሓንሳብን ንመወዳእታን ክነጥፍኦም ኢና ማለቶም'ዩ። ዝ ንምትግባር ድማ ህድግለ ዘይብሉ ኣጽዋር ለሚናምን ሽሚቶምን። ማእለያ ዘይብሉ ብፍሉይ ናይ ኾኮታት ታዕሊም ዝጸገበ ተራራ ዝተሰምየ ሓድሽ ሰራዊት ኣኺቲዮም።

ጸላኢ ክሳብ ዓንቀሩ ካብ ዓጠቐ ገድልን ተጋድሎን ከኣ ጸኒዖም ክኸላኸሉ ነይሩዎም። ዝ ንምግባር ከም ጓል በረኻ ናብ'ቲ ሰማይ ጠቀስ ኾኮታት ሳሕል ደየቦም። እንተኾነ ኣብ ሰማይ ጠቀስ ኾ ምድያብ ጥራይ 'ውን ንምክልኻል ዝበቅዕ ስንቂ ኣይነበረን።

እቲ ብሓደ ግዜ ኣርባዓ ቦምባታት ክውንጭፍ ዝኽእል ሕብረት ሶብየት ኣብ ካልኣይ ኩናት ዓለም ስም ዝረኸበትሉ ስታሊን ኦርጋን ዝተባህለ ወንጫፊ ሮኬት እዩ። እቲ ብድምጹን ርዝመቱን ንመሬት ዘንህል 130 ሚሊ. ሜተር መድፍዕ፡ 122 ሚሊ. ሜተር፡ ዝተፈላለዩ ሞርታራት፡ ሄሊኮፕተራት፡ ነፈርቲ ውግእን ታንክታትን ዝትኩስዎ ቦምባታት፡ ናብቲ በረኻቲ ኾኮታት ንምድያብ ዝኣግሞ ኣይኮነን።

ስለዚ፡ ገድልን ተጋድሎን ንመኸተ ዝኾኖም ስራሕ ክሰርሑ ነይሩዎም። ኣብ'ቲ ሰማይ ጠቀስ ኾኮታት መዕቈቢን መታኸሲን ዝኾኖም ጉዳጉዲ ክኹዕቱ ጀሚሮም። ነቲ ዝተኻዕተ ጉዳጉዲ ዘኸውን ንሓይሊ ቦምባ ከቢድ ብረት ከምኡውን ዝኽእል ኣጉናድ እናተሰከሙ ዕርዶም ክሃንጹ ነይሩዎም።

ገድሊን ተጋድሎን'ሞ መዓስ ይዓጀቡም። ንኹሉ'ቲ ዝተደልየ መደባት ተግበርሞ። ቤታ ብጥሜት ዝተጠቕዐት ኣብሶም፡ ሞራል ስለ ዝሰኾቹ ጥራሕ፡ ደቂ ሰብ ክሰከሙዎም ይኽእሉ እዮም ተባሂሎም ኪግመቱ ዘጸግሙ ዓብይቲ ኣጉናድ ካብ ሩባታት ናብ ጥርዚ ኾኮታት ኣውጺኦሞም።

ድሒሩ ግን ሓደ ካልእ ንፋሰ'ዩ ነፈሰ። እቲ ንፋሰ'ቲ ቅድሚኡ ተሰሚዑ ዘይፈልጥ ነበረ። ጸላኢ ንደቂ ሰብ መሪሑ ዝቖትል ቀመማዊ ጋዝ ክጥቀም ምኳኑ'ዩ ተፈሊጡ። ስለ ዝኾነ ድማ ምስቲ ክሰዕ ኩራርምቱ ኮይኖም፡ ብድሆ፡ ንዝመጸ ወራር ቅልጽመይ እዚሁ እናበሉ ደረፎም።

ግንባራትን ደጀናትን ኮታ ኣብ ምሉእ ሃገር ኣብ ገድሊ ዝነበረ ተጋዳላይ ብሓደ ጨርሐ። ኣየም "ኢደካ ሃብ! እንተዘይሃብካ ግን ትምልዓስ" እናበሉ ብወረቐት፡ መጉልሕ ድምጺን ሬድዮ ኣስመራን እናገበሩ ዝህውኹዎ ዝበሩ ኣብሶም ብፖዜእ ድምጾም የጸናንዕዋ ነይሮም። ኣብቲ ጋህጋም ኾኸ መን መጸኣዩ'ሞ ከጸናንዖም።

ሽዑ፡ ጸላእቲ "ንወንበዴታት ክንድምስሶም ኢና" እናበሉ ኣፎም ዝመልኡ ይግዕሩ ነይሮም። መልሓስ ዓጽሚ ስለ ዘይብላ ዝድላዩም ለፍለፎምላ። እንተኾነ እቲ ናብ ኣእዛን ዓለም ዝጋወሐ ዳንኬራ ወፍሪ ቀደሐ ኮኾበሲ ተጻብዩሉ ብዙሕ'ዩ ዝነበረ። እተን ኣብ ኣዲስ ኣበባን ኣስመራን



ዝዓጠቐ ሸሾ ሰራዊት ጸላእን ቀመማዊ ጋዝን ከጋጥሞ ነይሩዎም።

ገድልን ተጋድሎን ግን ሕጂ'ውን ድልዋት ነበሩ። ነታ በቐቖማ ዘይፈልጡ ሂወቶም ኣብ ውሽጢ'ቲ ረሃጾም ከይበቐቐ ዝሃጹዎ ናይ ሰማይ ጠቀስ ኾኮታት ዕርዶም ብምሽኳዕ ንጸላኢኦም ተጸብዮሞ። ካብ ቀመማዊ ጋዝ ንምክልኻል ብፈሓም ገይሮም ዝሰኑዑዎ መካላኸሊ ማስኬራ ኣብ ጎደኒ ዕጥቒ ኣፍሲወከፎም ነይሩ። ቀመማዊ ጋዝ ድሕሪ ምትኳሱ ከመይ ገይሮም ንፖዜእ ኣብሶም መርፍእ ከም ዝወግኡዋ ድማ ኣብ ስልፎም ተለማሚዶሞ። ቢቓ፡ እዚን ካልእ ምድላዋትን ኣማሊኦም ነቲ ዝመጸ ወራር ንምብዳህ ተዳልዮም።

ገድልን ተጋድሎን ነቲ "ገብጥኩኹም'ሞ ኣብሸኹም ከየሕሰምኩም ኢድኩም ሃቡ!" ዝበሎም ዝነበረ ጸላኢኦም፡ ክሳዕ ኣፍንጫኡ ስለ ዝዓጠቐን እቶም ብኣፎም ኣጆኹም ዝበሉና ዝነበሩ ደገፍትና ካብ ጠለመናሲ ሰዩም ዘይንበል ኣይተበሃሉን። ብኣንጻሩ እኳ ድኣ ኣብ ውሽጢ'ቲ ስነ-ኣእምሮኣዊ ጉጥያ ዝተሓወሶ መጠነ ሰፊሕ ኩናት ጸላእቱ መልሱ "ኣቢደን ንመፖዜእቲ" ምኻኑ ብዜማኡ ነጊሩዎም።

እቲ ኩናት ዝጅመረሉ እዋን እናተቓረበ መጸ። ገድሊን ተጋድሎን ክጠፍኡ ምኻኖም ዛ እናሰምዑት እተጸቅጥ ዓለም ብወግዒ ተነጊሩዋ። ሻቡ፡ ገለኣ ገጻ ቀይሑ ንደርጊ ኣጣቒዓትሉ። ገለኣ ድማ ኣብ'ቲ ናይ ምጥፋእ ውራይ ንኽትሳተፍ ነቲ ኩናት ኢዳ ሓዊሳትሉ። እታ ክትደናገጽ ዝጸንሐት ኢዳ ሰሒባ፡ ገድሊን ተጋድሎን ብታንክታት ክርገጹ እንከለዉ ምርኣይ ኣስኪሕኪሑዋ ኣዒንታ ዓሚታ። ቢቓ፡ ገድልን ተጋድሎን ኣጆኹም ዝበልን ዘጸናንዐን ዘይብሎም ንበይኖም ተረፎም። እንተኾነ ግን ንሳቶምሲ ገና ምስ ተሰፋኦም ነይሮም።

ሕጂ'ውን እቲ ሰማይሲ ምስ ብሩህ ሰመያዊ ሕብሩ ነበረ። ኣብ ዝኾነ ኣካሉ፡ ነጡብታ ተሰፋ ክትፈጥር እትኽእል ሃሳስ ደብና'ውን ኣይነበረቶን። ገድልን ተጋድሎን ግን፥

"ጀጋኑ በይኖም እዮም
ኣንጻር ሓያላት
ፍጹም ዘይዓጀቡም
ግዚያዊ ኣጽዋራት" እናበሉ ንፖዜእ ሰልፋዊ ምርኢት ሰራዊትን ኣጽዋርን ዝረኣያ ኣዒንቲ፡ ወጽኢቱ ንምርኣይ ተረበጻ። ውጥናት ክረምሊን ሽቶኡ ክወቅዕ ዲዩ ዋላ ከምቶም ዝሓለፉ ሕፍረት ኪጉልበበ'ዩ እውን ካልእ ነጥቢ ኾነ።

ኣብታ ህሞት እቲኣ፡ ንገድሊን ተጋድሎን ዝሕግዘ እንተነይሩ፡ እቲ ኣብ ሃገሩ ኮይኑ "ኤህ! መሳኪን ኤርትራውያን! ክጠፍኡ'የም ማለት ድዩ?" ብምባል ዝተደናገጸ ጥራሕ'ዩ። ኩለን እተን ኣብ ጎድኑ ዝነበራ ብዘይ ሕንክት'የን ኣእዳወን ሰሓባ። ከንዲ ዝኾነ ድማ ገድሊን ተጋድሎንሲ ነቲ ከበዱ ሓቂፉ ኣብ ትሕቲ ሓጹር መፖዜእቲ ዝነበረ ህዝቦም ጥራሕ እዮም ዝኣምኑዎ ነይሮም። ንሱ ኸኣ ከም መድሕኑ ንዓኣቶም ይኣምንን ምስኣቶም ይደናገጽን።

እቲ ንህዝቢ ንምርዓድ ኣብ ከተማ ኣስመራ ዝቐየዶ ናይ ምረሻ ሰልፊ ግን ብኣንጻሩ ኮነ'ዩ ጸኒሑዎ። እቲ ብፍርሒ ተሰናቢዱ ናብ በረኻታት ሳሕል እናኸደ ደቁ ከእቱ ዝተጸበዮ ህዝቢ ኤርትራ፥ ንዝተረፉ ደቁ "ጸላኢ ከይሓርደኩም ጸዕዳ ይጸናሕኩም ምስ ኣሕዋትኩም ተጋደሉ" እናበለ ደድሕሪ ኣሕዋቶም ከም ዝሰዕቡ ገይሩዎም። ስለዚ፡ ህዝቢ ጸንዐ ድኣ'ምበር ኣይተዝናበርከሸን።

እተን ደርጋውያን ሰልፊ ሰራዊቶም ንኽርእያ ናብ ጎደና ዘውጽኡወን ኣዴታት'ኳ፡ ኣእዳወን እናኣጣቐዓ ልበን ግን ምስ ፈጣሪአን ትመያየጥ ነይራ። "ንጸላእቲ ዱል ከለእካ ንደቅና ሓይሊ ሃቦም። ነጸዋር'ዞም ወረርቲ ኣብ ዕጨ እምኒ ኣብሎም" ብምባል ለሚናትሎም።

እቶም ጸላኢ ንኾኮታትን ኣጻምእን ሳሕል ጠሓሒሶም ንገድልን ተጋድሎን ንኽደምስሱ ብፍሉይ ዝዓለሞም ኣሃዱታት 18፡19፡21፡22 ክፍለ ጦራት እዮም ዝበሃሉ። እዚ ሓድሽ ሓይሊ'ዚ ምስ'ቲ ኣብ ኤርትራ ዝጸንሐ ዓቕሚ ተደማሚሩ፥ ሓደ ተኣምር ከም ዝፈጥር ኣይተጠራጠረን። ቅድሚ ናብ ኤርትራ ምምጽኦም፡ ተሳሒሎምን ኣብ ግብሪ ተፈቲኖምን ንኽመጹ፥ ናብ ኾኮታት ትግራይ ወሲዱ ኣብ ወያነ ውግእ ከም ዝለማመዱ ገይሩዎም'ዩ።

ነፈርቲ ውግእን ኤም.ኣይ 24 ዝዓይነተን ፍሉያት ሄሊኮፕተራትን እውን ንውግእ ተዳልየን ነይረን። ኣንቴኖቭ ዝተባህላ ብሉይቲ ኩነ ብቐትሪ ክድኅብደባ ዝኽእላ ነፈርቲ ግን ደሮ ስርሐን ጀሚረን ነበራ።

ነፈርቶም ብዘትከስኦ ብዓለም ዝተወገዘ ናፓልን ብሪምሪምን ታንክታት፡ መዳፍዓት፡ በኢም ወንጨፍቲ ሮኬታት፡ በምባታት፡ ዘበናዊ ኣጽዋርን ንኣየር ዝበክሉ ጋዛትን ፈሪሑ ሰዩም ከምዘይብል ደጊሙ ኣረጋጊጹሎም። ኣብ'ቲ ብኣማኻርቲ ዝተጸንዐ ወራር፡ ብሰማይን ብምድርን ብዘትኩሱ ብረታት ምድሪ ሰማይ እንተጸልመተት እውን ኢዶም ከም ዘይህቡ ነጊሮሞ። መርዛማት ጋዛት እንተተኮሰ፥ ዘቃጽሉ ቦምባታት ኣብ ኣካሎም እንተፈሰሰ፥ ንሓድነት ህዝቦምን ንጽንዕ መትከሎምን ክበሉ ከም ዝቐበሉዎ፡ ኣብ መወዳእታኡ ድማ ንሳቶም ክስዕሩ ጸላእቶም ከኣ ክሰዓሩ ምኻኖም ብዘይ ሕብእብእ ኣብ ጋህዲ ብርሃን ኮይኖም ገሊጾምሉ።

ገድሊን ተጋድሎን ንሓድሕዶም "ኣጆና!" እናተበሃሃሉ፥ ኣብ ናይ ጽንዓት ዕርድታቶም ኣትዮም ይጸበዩ ነይሮም። ብሰሪ መግቢ ዝተጠልቀዐት ከብዲ ዘውዓላ ክትውዕል ትደሊ ነይራ። ኣብታ ክትጅመርን ክትውዳእን ዘይተሳበ መኣዲ ካብ ዝጽመዱ ልዕሊ ዓመት ኣሎዎም። ካብ ሱዳን ተሸሚቲ ናብ ሰፈር ገድሊን ተጋድሎን ዝኣቱ ዝነበረ ሓርጭ ወዲ ዓርኺ ዓዲ ኣርሒቑ'ዩ ነይሩ። ስለ ዝኾነ ድማ እተን ዝርከባ ቁንጣሮ ሓርጭ ምስ ቈጽለ መጽሊ እናሓወስካ ክበላዓ ነይሩወን።

ገድሊን ተጋድሎን ቦጅቦጅ እናበሉ ዝሰምዩዋ መግቢ ነይራቶም። ትሕዝቶ'ታ መግቢ ቀጫ ጨውን ማይን ጥራሕ'ዩ። ነታ ዝርካብ ቀጫ ወዲ ዓኸር ኣብ ጨው ዝኣተዎ ማይ ፈትፊትካ ምብላዕ እዩ። ንዓኣ ተመጊቦም ከኣ፥ ኣጉናድ ይሰከሙን ኣፍራዛ ኣልዒሎም ዕርዶም ይሃንጹን።

"ዝመጸ ይምጻእ ወራሪ
ኣብ ባርዕ ሰውራ ሓራሪ"...

ዘይሞም ገድሊን ተጋድሎን። ጸላኢ ወግሐ ጸብሐ "መጻእኩ፥ መጻእኩ" እናበለ ሞኽ ምስ ኣበሎም ዝመልሱሉ መልሲ እዩ ነይሩ።



# ሓርነት ምስ ተቓልሐ፡ ኣብ ጐደናታት ኣስመራ. . .

ዳህሳስ ነጋሲ

ናጽነት - ክንጽዑ ብቓላት ዝግለጽ፡ ረዚን ትርጉምን ክብርን ዝሓቖፈ እዩ፡፡ ታሪኽ ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ንህዝቢ ዓለም ብፍላይ ኑዩም ኣብ ትሕቲ መግዛእትን ባርነትን ዝነበሩ ማሕበረ ሰብዓለም ህያው ኣብነት ጽንዓት፡ ሓቢ፡ ተጻዋርነት፡ ጅግንነት፡ ብጻይነት፡ ተወፋይነት፡ ዘይተምበርከኽነት ...ካልእ ምስ ኩነትን ግዜን ዘይሃስስ፡ ወርቃውያን ሕላገታት ዝዓንኰኸሉ ሜዳ እዩ፡፡

ህዝቢ ኤርትራ በሰላ ዝቖደሙ ግዝኣት ሓይልታት ካብ ዝበኡ ከይሃሰሰ፡ ብኻልእ ዓብላሊ ስርዓት ክጭፍለቕን ደምጹ ንዓሰርተታት ዓመታት ክዕፈንን ዝተፈርደ እዩ፡፡ እንኮ ሕቶኡ ልኡላዊ መሬቱይ ይከበር ጥራይ'ዩ ዝነበረ፡፡ ሕቶ ናጽነትን መሰል ርእሰ ውሳነን ብብይን ካልኦት ሃገራት ዝወሃብ ወህብቶ ዘይኮነ፡ ኩሉ ህዝቢ ዓለም ግድን ክውንኖ ዝዋንኦ መሰል እዩ፡፡ እንተኾነ፡ ዘይፍትሓዊ ሕጊ ዓለም ንህዝቢን መሬትን ኤርትራ፡ ኣብ ዓንኬል ኀቦጣ ሓጺሮ ደኣ፡፡

ብስልጡን ሕግን መምርሒታትን ዝምእዘን ህዝቢ ኤርትራ፡ ናጽነቱ ኣብ ክንዲ ብጦዓጽን ሓይልን ዘረጋግጽ፡ ብሰላማዊ መገዲ ሕቶኡ ክፍታሕ መረጸ፡፡ እንተኾነ፡ እቶም ሰብ ፍሉይ ረብሓ፡ ብሓገዝ ሓያላን ሃገራት ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ጸለም ፍርዲ ኣጽዲቖም፡፡ ኣዚ ዘይፍትሓዊ ብይን ዝተቓወሙ፡ ዕጫ ማእሰርትን ሞትን ገጢምዎም፡፡ ኣዚ ተኸቲሉ ብዙሓት መንእሰያት ኤርትራ ሃገሮም ራሕሪሖም ክስደዱ ተገዲዶም እዮም፡፡ እንተኾነ፡ እቶም ፍቕሪ ሃገር ዝነበሮም ዜጋታት ወላ'ኳ ብኣካል እንተ ረሓቑ፡ መንፈሶም ምስ'ታ ብኣደራዕ መግዛእቲ እናተመዘመዘት ዝገደፍዋ ሃገሮም ነይሩ፡፡

ደለይቲ ፍትሒ ዝኾኑ ዜጋታት፡ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ብዝጠነኸ ቃልሲ ኣንጻር መግዛእቲ፡ ብዘገምታ ኣብ ልቢ ኤርትራውያን ጓና ብርሃን ኮለዑ፡ ናጽነት ብዙሓት ዋጋ ንኸረጋግጽ ጉዕዞ ሰውራ ፈለሙ፡፡ እቲ ግጥም ጸጸን ሓርማዝን ገድብ ዝሓተ መቓን ግዜ ብንጹር ክምለስ ወላ'ኳ ዝኽእል እንተ ዘይነበረ፡ ኣብ ሓጺር ግዜ ከም ዘይዛዘም ንጹር ነበረ፡፡ እቲ ፍትሓዊ ቃልሲ ኣብ ምዕራፉ



ንኽበጽሕ፡ ብልዑል ሃገራዊ ስምዒት ህዝቢ ናብ ሰውራኡ ውሒዙ፡፡ ንብጻይካ ልዕሊ ኑብሰኻ ብምኹሉ መዳይ እናሰራዕካ፡ ንሰላሳ ዓመት እቲ ሰውራ ተጓዒዙ፡፡

ብረታዊ ቃልሲ ኤርትራ ኣብ በረኻታት ሳሕል፡ ንዝወፈሩ ተጋደልቲ ጥራይ ዝግደፍ ሃገራዊ ዕማማ ኣይነበረን፡፡ ብዙሓት ኣብ ማእከል ጸላኢ እናተንቀሳቐሱ፡ ንህይወቶም ስጋእ ከይበሉ ዓበይቲ ስርሒታት ዝፍጽሙ ጀጋኑ ዝሓቖፈ'ዩ ነይሩ፡፡ ስለዚ፡ እቲ ሰውራ ወሰናት ደቂ-ሃገር ዝሳተፍዎ ዘይኮነ፡ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ ዝጠመተ'ዩ ነይሩ፡፡

ተቓለስቲ ኣብ ጸንከር ኩነት እውን እንተኾነ፡ ናጽነት ኤርትራ ከም ዘረጋግጽ ምሉእ እምነት ነይርዎም፡፡ እንተ እቶም ኣብ ዝዓጠቕዎ ሓይሊ ኣጸዋርን ብዝሒ ዓቕሚ-ሰቡን ጥራይ ልዑል እምነቶ ዘሕደሩ ግዝኣት ስርዓታት፡ ንሓያል ውሻጣዊ ጸጋ ተጋደልቲ ክምርምሩን ክመዝኑን ካብ ምኽኣል ኣዲንቶም ዓዊሩ ነይሩ፡፡

ብትሸዓት ኣረግቶት ብረት ዝፈለመ ሰውራ ኤርትራ፡ 'ንጸላኢ፡ ብብረቱን ብዕጥቑን' ብዝብል መሪሕ ጭርሖ፡ ማእለያ ዘይብሉ ኣጽዋር ዓጢቑ እዩ፡፡ ኣእላፍ መንእሰያት ክብርቲ ህይወቶም በጃ ሃገር ከፊሎምን ካልኦት'ውን ኣካሎም ሰንኪሎምን እዮም፡፡ ንዓመታት ዘይሃስስ ቁስሉ፡ ኣብ ልዕሊኡ ዝፈጸሙ ግዝኣቲ ግዝኣት ኢትዮጵያ ደሙ፡ ሕፍረት ተኸምኺሞም ተባሪሮም እዮም፡፡

ኣብ ትሕቲ ግፍዕን ጭቆናን ዝነበረ ህዝቢ፡ ካብ መቑሕ መግዛእቲ ናጻ ዝወጸላ ዕለት ብልዑል ሃንቀውታ'ዩ ዝጸበ ነይሩ፡፡ ብሰቓይ ዝተፈተነ ህዝቢ፡ ራህዋ ክብህግ ንቡር እዩ፡፡ ድሕሪ መሪርን ነዊሕን ጉዕዞን ብዓርቢ 24 ግንቦት ቅድሚ ሰላሳን ሓደን ዓመት፡ ብስራት ምሕራር መላእ ኤርትራ ምስ ተሰምዐ፡ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ዝነበረ ህዝቢ፡ ስምዒቱ ቡቲ ንቡር ተፈጥሮ ዝዓደለና ህዋስ ክገልጽ ተጸጊሙ እዩ፡፡

ኣብ ከተማ ኣስመራ ናጽነት ዘበሰረ መቓልሕ ምስ ተሰምዐ፡ ካብ ኩሉ መኣዝናት ዝውሓዘ ህዝቢ ኣብ ዓበይቲ ጐደናታት ኣዕለቕሊቑ እዩ፡፡ እቲ ሓቀኛ ፍጻመ ንብዙሓት ሕልሚ ስለ ዝመሰሎም፡ ኣሚኖም ክቕበልዎ ተጸጊሞም እዮም፡፡ ኣብ'ቲ ቦታ ብዘይውንኦም በጺሖም ምስ ዝረኸብዎ ሰብ ክተሓቛቖፉ፡ ክሰዓዓሙ፡ ክሑበዑን፡ ክዘሉ፡ ክደርፉን ክድነበሉን ኮታስ ሓጎሶም ብዝጠዓሞም መገዲ ገለጹ፡፡ ፍልልይ ናጽነትን ባርነትን ርሒቕቱ ክልካዕ ከም ዘይክእል፡ ጐደናታት ኣስመራ ኣብ'ቲ እዋን ኣፍ ኣውጺአን መስኪረን እየን፡፡

ኣስመራ ካብ ኣደ ጸላኢ ምስ ተመዝበዐት፡ ማርቸደስ ዝዓይነተን መካይን ተጋደልቲ ጸዒነን ብማእከል ጐደናታት እናሓለፋ፡ ህዝቢ ዘለሉ ናብ'ተን መካይን እናተሰቐለ ምስ'ቶም ክቡር ፍቕርን ናፍቖትን ዝነበሮ ተጋደልቲ ከም ሕሱም ተጠማጢሞም ተሰዓዒሞም እዩ፡፡ ሰሓቕን ንብዓትን ተሓዋዊሱ፡ ብዕልልታት ኣደታትን ፋጻ መንእሰያትን ሰማያት ኣስመራ ሃረርታ ናጽነት ብዓውታ ዘሚረን፡፡

ድሕሪ እታ ፍልይቲ መዓልቲ፡ ህዝቢ ንመዓልታት ኣብ ጽንብል ናጽነት ተጸሚዱ እዩ፡፡ ህዝቢ ካብይ ተበገሱ'ምበር፡ ናበየናይ ኣንፈት ይጓዓዝ ከም ዘሎ ብልክዕ ከይፈለጠ፡ ዝረኸበን መካይን እናተሳፈረ ረጊጽዎ ዘይፈልጥ ቦታትት ኤርትራ ብዘይ ዓጋቲ ብሉኮ ሰጊሩ ክዛወር መዓልታት ሓሊፉ፡፡ ካብ'ቲ ዘይሃስስ ተዘኩሮ ኣባላት ሓንቲ ሰድራ ከይተራኸበ ቡብዘወጽዎ ፋሕ ኢሎም ምቕናይ ክጥቀስ ይከኣል፡፡

ድሕሪ ናጽነት ብዙሕ ካብ ጐደናታት ኣስመራ ፍሉይ ትርጉም ብዝሓዘ ኣስማት ተዋሂበወን እዩ፡፡ ኑቲ ህዝቢ ኣብ ሓደ ማእከል ዝኣኻኸበ ጐደናታት ብስም ጐደና ተጋደልቲ፡ ናቕፋ፡ ሰማእታት፡ ሓርነት፡ ደንደን፡ ደብር እመን፡ ሳሕል፡ በይሩት፡ እምባ ጅዛን፡ ሃገር ግዙ፡ ሽዱ፡ እምባህረ፡ ሮራ መንሳዕ፡ ኣፍዓበትን ካልእን ዝብል ንብረታዊ ቃልሲ ኤርትራ ብዘዘኻኽሩ ታሪኻውያን ቦታታት ተሰይሞም እዮም፡፡

ከም'ቲ ቅድሚ ሰላሳን ሓደን ዓመታት ከተማ ኣስመራ ጽንብል መዓልቲ ናጽነት ብፍሉይ መንፈስ ዘብዓለት፡ ሎሚ ዓመት ድማ ብምዕሩግ ኣገባብ ንምኽባር ኣብ ምሹብሻብ ትርከብ፡፡ ዓበይቲ ጐደናታት ካብ ካልእ እዋን ብፍሉይ ብሃገራዊ ባንዴራ ኣብረቕሪቐ፡ ዓቢ መልእኽቲ ዝሓቖፈ ጽሑፋት ተንጠልጢሉ፡ ብሕብርታት ሰንደቕ ዕላማ ዝወቀቡ መብራህትታት ደሚቐ፡ ንኹሉ ኣብ'ቲ ጐደናታት ዝውሕዝ ህዝቢ፡ ሓደ ሃገራዊ መንፈስ ብዘፈጥር ሃዋህው ተሰላሲሙ ኣሎ፡፡

ናጽነት ህያብ ሰውኣት እያ፡፡ እዚ ብመሪርን ክቡርን ዋጋ ዝተረጋገጸ ሓርነት፡ ክንዲ ምውናና ንምዕቃባ'ውን ረዚን መስዋእቲ ስለ እትሓትት፡ ኩሉ ኣብ ዝተዋፈረሉ ዕማም ሕድሪ ሰማእታት እናዘከረ፡ እጃሙ ከበርክት ይግባእ፡፡



## ካብ ቃላት ሓመድ እድሪስ ዓዋተ



* ዝዘ ሓዊ ክድጉላ'ዩ፡ ደድሕረይ ዘንድብድዋ ክመጽኡ'ዮም፡ ንሳ ክትባራዕ'ዩ ንሳቶም ከኣ ክዕወቱ'ዮም፡፡

* ሎሚ ኣዚኺት (ኣልቢን) ኣድማጺ ንፈለማ ግዜ ንሕናን ግዝኣትናን ገጽ-ንገጽ ተዋጊእና፡፡ ድሕሪ ደገም ኣብ ዓራት ምድቃስ የለን፡፡

* ኣነ ጠልካ በለይ ጸጥኻ ሰተየ ክኸይድ'የ፡ ብድሕረይ ህንዱዳት ወተሃደራት መጺኦም ሓምድ ኣብ'ዚ ወዲሉ፡ ስለምንታይ መጊብዮ፡ ንምንታይከ ኢኻ ዘይትሓብረና እናበሉ ኣብ ቅድሚ ኣዒንቲ ደቅኻ ኩጓፉዑኻን ዓኺ'ጠፍ ክብሉልካን'ዮም፡፡ ደቅኻ ኣዚ በደልዚ ምስ ረአዩ ኸኦ፡ ጸላኢኦም ከለልዩን ክስዕቡን'ዮም፡፡ ደገፍ ዝበልኩኻ ኸኣ ንሱ'ዩ፡ ቃልሰይ ክሳብ ዘዩቋረጸኩ'ምባኣር መንእሰይ ኤርትራ ብኸም'ዚ ዝበጸሕኩልካ ይኹን ካልእ ግፍዕታት ክኽተለሉ'ዮም፡፡ ሰሲንና ደማ ክንዕወት ኢና፡፡

* ኣነ ተሰዊአ ማለት፡ እዚ ቃልሲ ሞይቱ ማለት ኣይኮነን፡፡ እንተ ሰማርኩም ጸኒዕኩም ሰውራ ኣይጠፍእን'ዩ፡፡ ኣስላምዶ ክርስትያን ኣይትብሉ፡፡ ወላ'ኳ ሃናትና ሃይማኖት እንተ ሃለውና፡ ሃገርና ሓንቲ'ያ፡፡ ኩልና ኸኣ ሓደ ኢና፡፡ ሎሚ ሰውራ መሪር'ዩ፡ ዝምቅረሉ መዓልቲ ግን ክመጽእ'ዩ፡፡

* እቲ ዝሓለፈ ናይ ሽፋቱ ስራሕ'ዩ፡፡ ሎሚ ግን ኣንጻር መግዛእቲ ንኹሉ ኤርትራዊ ዝምልከት ቃልሲ የድሊ'ሎ፡፡ ግዜ ሽፍትነት ሓሊፉ'ዩ፡፡ ሃንሕድሕድና ምቅትታል ገዲፉና ብሓባር ንጋደል፡፡ ሞት ኣይንፍራሕ፡ ምእንቲ ሃገር ኣንስትኹም ፈቲሕኩም ክትሰዕቡኒ ሓላል'ዩ፡፡ ንሃገርና ብደምናን ንዋትናን ናብ ዋናታታ ክንመልሳ ንዑናይ ተበገሱ፡ ኣይፋልና እንተ በልኩም ብረትኩም ሃቡኒ፡፡

* ኣብደን ኣነ ንኢትዮጵያ ኢደይ ካብ ዝሀብ፡ ሰማይን ምድርን ክጣበቕ ይቐልል፡፡

ምንጪ፡ መጽሓፍ ሓምድ እድሪስ ዓዋተ 1915-1962

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

### 1ይ ቤት ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኪዳነማርያም ተኽለወይኒ ተስፋጽዮን፣ ምግቢ ተሪፉ፣ ፍረዝጊ ተኽለወይኒ ተስፋጽዮን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ ዝቃወም እንተሎ፣ ን7/6/22 ኣብ 2ይ መጋቢያ ቁጽሪ 35 ክቐርብ ተኣዚዙ ኣሎ።

### ኮማዊ ቤት ፍርዲ ማእከል ከተማ

ከሳሲ ኣቶ ዩሱፍ ሱሌማን ሳዕደዲን ተኸሳሲት ወ/ሮ ለምለም ጴጥሮስ መሓሪ ናይ ሓዳር ክሲ ተማስሪቱልኪ ስለዘሎ ብኣካል ወይ ብወኪል ን21/6/22 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ፣ እንተዘይቀሪብኪ ኣብዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ኾፍልጥ።

ራሄል ዓንደ ገብረሚካኤል፣ ኣደይ ርግኣት ገብሩ ግርሙ ስለዝዋረረት ኣነ ምስ 1 ሓወይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት ዝቃወም እንተሎ፣ ን21/6/22 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣስቴር ዩሴፍ ተወልደመድህን፣ ወለድና ዩሴፍ ተወልደመድህን ሃብተማርያምን ሉተሚካኤል ኣብርሃ ገብረእየሱስን ስለዝዋረሩ 7 ደቆም ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት ዝቃወም እንተሎ፣ ን21/6/22 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ኮማዊ ቤት ፍርዲ ገዛ ባንዳ

ወ/ሮ ምሕረት ሙብራህቱ ተስፋጋብር፣ ምጽዳቕ ለበዋ ብስም ወ/ሮ ሂወት ሙብራህቱ ተስፋጋብር ዝቃወም እንተሎ፣ ን21/6/22 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ኮማዊ ቤት ፍርዲ ትራቮሎ

ወ/ሮ ጸሃይኸ ተኽለጽዮን ነጋሲ፣ ወኪል ወ/ሮ የርሳሌም የውሃንስ ገብረ በዓል ቤተይ የውሃንስ ገብረ መሓሪ ስለዝዋረረ፣ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ 9 ደቕና ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸልና ስለዝበለት ዝቃወም እንተሎ፣ ን23/6/22 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ኮማዊ ቤት ፍርዲ ማይ ተመናይ

ትሕተ ዕድመ ኣዳም ኀይትኦም ተስፋዝጊ፣ ት/ዕድመ ልዋም ኀይትኦም ተስፋዝጊ፣ ኣቦና ኀይትኦም ተስፋዝጊ ተወልደብርሃን ቅድሚ ብሞት ምፍላዩ ኣብ ማይ ተመናይ ዝርከብ ንብረቱ ዝኾነ ኣብ 180 ት/ሜ ዝተደኾነ ስፍሓቱ 99.36 ት/ሜ ብጹሒቱ ዝኾነት 3 ቀንዲ ክፍልታት 1 ክሽነ 1 ሽቓቕ ብለበዋ ስለ ዝገደፈልና ክጸድቀልና ስለ ዝበሉ ዝቃወም እንተሎ፣ ን21/6/22 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ምሕረት በራኺ ክብሮም፣ ተኸሳሲ ኣቶ ኣቤር ዓንደብርሃን ጸገ ናይ ሓዳር ክሲ ተማስሪትልካ ስለዘሎ፡ 21/6/22 ብኣካል ወይ ሕጋዊ ወኪል እንተዘይቀሪብ፣ ኣብዘየለወሉ ቤ/ፍ ክርአ ምዃኑ ቤ/ፍርዲ የፍልጥ።

### ኮማዊ ቤት ፍርዲ ፓራዲዞ

ወ/ሮ ጉያይ ተስፋሚካኤል ደራ በዓል ቤተይ ኀይትኦም ገብረ ሃደሉ ስለዝዋረረ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ 3 ደቕና ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸልና ስለዝበለት ዝቃወም እንተሎ፣ ን24/6/22 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ኮማዊ ቤት ፍርዲ ሰምበል

ኣቶ መንግስትኣብ እያሱ ወልደሚካኤል ወ/ሮ ኣለም ገብረማርያም ናይዝጊ፣ ወድና የናታን መንግስትኣብ እያሱ ስለ ዝተሰውአ ንሕና ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ ዝቃወም እንተሎ፣ ን17/6/22 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ኮማዊ ቤት ፍርዲ ጉዳይፍ

ወ/ሮ ጺጋ ተስፉ ዑቕባዝጊ፣ በዓል ቤተይ ብርሃ ገብረገርግስ ሕድሩ ስለዝዋረረ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ 6 ደቕና ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸልና ስለዝበለት ዝቃወም እንተሎ፣ ን17/6/22 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሉተብርሃን በርሀ ይሕደጎ፣ በዓል ቤተይ ኣበበ ተስፋይ ምራጭ ስለዝዋረረ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ 3 ደቕና ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸልና ስለዝበለት ዝቃወም እንተሎ፣ ን17/6/22 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ጸጋይ ዞርያስ ዓንደም፣ ኣቦይ ዞርያስ ዓንደም ስለሙን ስለዝዋረረ ኣነ ኣመልካቲት ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ ዝቃወም እንተሎ፣ ን16/6/22 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ምላሹ ተስፉዝጊ ወልደጋብር፣ በዓል ቤተይ ጠዓመ ይሕደጎ ተሰማ ስለዝዋረረ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ 10 ደቕና ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸልና ስለዝበለት ዝቃወም እንተሎ፣ ን16/6/22 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

የናስ የማነ ኣብርሃም፣ ኣቦይ የማነ ኣብራሃም ማሪቆስ ኣደይ ወ/ሮ ሉተኺዳን ተኽለስንበት ወልደንክኤል ስለዝዋረሩ ኣነ ኣመልካቲ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ ዝቃወም እንተሎ፣ ን17/6/22 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ጉያይ ወልደገርግሽ ዓጽሙ፣ በዓል ቤተይ ገብረክርስቶስ ተኽለሃይማኖት ሀብታይ ስለዝዋረረ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ 1 ጓልና ከኣ ወራሲት ምዃና ይረጋገጸልና ስለዝበለት ዝቃወም እንተሎ፣ ን16/6/22 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣብርሄጼን ክንፈ ሃብተጼን፣ ኣደይ ወ/ሮ ርሻን ተኽለ ወልደስላሴ ስለዝዋረረት ኣነ ኣመልካቲት ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት ዝቃወም እንተሎ፣ ን16/6/22 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሰፋኒት ኤፍሬም በረኸትኣብ ፣ ብወኪላ ሂማን በረኸትኣብ ፍስሃየ ኣቢላ ወሉዳየይ ኤፍሬም በረኸትኣብ ፍስሃየ ስለዝዋረረ ኣነ ኣመልካቲት ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት ዝቃወም እንተሎ፣ ን16/6/22 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ኮማዊ ቤት ፍርዲ ወኪ-ደባ

ኣቶ ጸሃየ ተኽለይ ገብረሚካኤል፣ ኣቦይ ተኽለይ ገብረሚካኤል ወልደገርግሽ ኣደይ ኣሾሉ ኪዳነ ዓንደሚካኤል ኣነ ኣመልካቲ ምስ 4 የሕዋተይ 3 ተተካእቲ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ ዝቃወም እንተሎ፣ ን22/6/22 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዓዲ ዓዜን

ወ/ሮ ምልእተ በየነ ክፍለጼን፣ በዓል ቤተይ መርሃዊ ተስፋሂወት ኣስገዶም ካብ ሃገር ምስ ወጸአ ን3 ዓመት ደሃይ ስለ ዘይብለይ ፍትሕ ስለዝደለኹ ዝቃወም እንተሎ፣ ን21/6/22 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ኮማዊ ቤት ፍርዲ ነፋሲት

መኣዛ ተኽለ ወልደማርያም፣ በዓል ቤተይ ወልደገርግሽ ሃደለ ስለዝዋረረ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ 10 ደቕና ከኣ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረትና ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት ዝቃወም እንተሎ፣ ካብ ዕለት 18/5/22 ክሳብ 21/6/22 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ቤት ፍርዲ ዓረዛ

ሞገስ ደበሳይ ታፈረ፣ ፊሊሞን ደበሳይ ታፈረ ምግቢ ተሪፉ ሞገስ ደበሳይ ታፈረ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ ዝቃወም እንተሎ፣ ን8/6/22 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ቤት ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ናጽነት ሃብቶም ዑቕባሚካኤል ምግቢ ተሪፉ ሮዳስ ሃብቶም ዑቕባሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት ዝቃወም እንተሎ፣ ን24/6/22 ኣብ 2ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ጽርሃ ዓንደማርያም ገብረሂወት ምግቢ ተሪፉ ሰሊናና ዓንደማርያም ገብረሂወት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት ዝቃወም እንተሎ፣ ን24/6/22 ኣብ 2ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ህድኣት ስለሙን መላኺ፣ ምግቢ ተሪፉ ርግኣት ስለሙን መላኺ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት ዝቃወም እንተሎ፣ ን15/6/22 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ኮማዊ ቤት ፍርዲ ባረንቱ

ውሻሽ ማሕራይ ገብረክርስቶስ ምግቢ ተሪፉ ውሻሽ ምሕረትኣብ ገብረክርስቶስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት ዝቃወም እንተሎ፣ ን16/6/22 ኣብ 2ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ጽንዖት ዘርኣብሩኽ ንጉሴ፣ ኣደይ ኣልጋሽ ሃብቶም በላይ ስለ ዝዋረረት ምስ 6 የሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ ዝቃወም እንተሎ፣ ን22/6/22 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ኮማዊ ቤት ፍርዲ ቶኾምብያ

ከሳሲ ደበሳይ ገብረመስቀል ማና ተኸሳሲ ንጉሰ ዘርኢጋብር ሃብተ፣ ክሲ ተማስሪቱልካ ስለዘሎ ን15/6/22 እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ንሸካ ኣብዘይብሉ ቤ/ፍ ውሳኔ ክህበሉ ምዃኑ ኾፍልጥ።

### ኮማዊ ቤት ፍርዲ ማይ ምነ

ወ/ሮ ልቺ ታረቀ ሐጎስ፣ በዓል ቤተይ ኣብርሃም ገብረወልድ ስለዝዋረረ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ 6 ደቕና ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸልና ስለዝበለት ዝቃወም እንተሎ፣ ን10/7/22 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ወ/ሮ ብሾራ ስልጣን ተመልሱ በዓል ቤተይ ኣቶ ኣብራሃም ደባስ ናይ ሓዳር ክሲ ተማስሪትልካ ስለ ዘሎ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪልካ እንተዘይቀሪብካ ጉዳዩ ኣብዘየለወሉ ክረአ ምዃኑ ን15/6/22 ኾፍልጥ።

### ኮማዊ ቤት ፍርዲ ኣንቶረ

ወይዘሮ ደሃብ ምሕረትኣብ ከሰተ፣ በዓል ቤተይ ክብሮም ተኽለንክኤል ሃብተገርግሽ ስለዝዋረረ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ 7 ደቕና ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸልና ስለዝበለት ዝቃወም እንተሎ፣ ን27/6/22 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።


### ምርኢት ባዘር

ምርኢትን መሸጣን ብደቀንስትዮ ዝፈረየ ወጽኢት ሕርሻ፣ ኢደ ጥበብ፣ ማእለማ ሃብቲ ዓሳን ቅዲ ክዳንን ስለዘሎ፣ ኣብ ኣዳራሽ ማሕበር ሞያውያን ሕርሻ ኤርትራ ብድሕሪ ንግዳዊ ባንክ ኤርትራ ጎደና ሓርነት፣ ጥቓ ክበሪ መዘዞብ ፊት ቦውሊን ክትበጽሑና ብኽብሪ ንዕድም።

ዕለት፣ 26-28 ግንቦት 2022

ሰዓት፣9:00 ቅ.ቐ - 6:00 ድ.ቐ

*ርሑስ ቅንያት ናጽነት!*





SHEGE

Fashion Style

ርሑስ በዓል መበል 31 ዓመት ናጽነት ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ እናተመነየ ኣብ ዝተፈላለየ ብሉጽ ፍርያቱ ዓቢ ምጉዳል ዋጋ ከምዝገበረ ንዓማዊሉ ከበስር ይፈቱ።

1.ኣድራሻና ፦ከባቢ ፊያት ፊት ናቕፋ ሃውስ

2.ኣድራሻና ፦ከባቢ ቤ/ት ቀይሕ ባሕሪ

ቁ.ቴለ 07204022

www.shegefashion.com/facebook/shegefashion






### ንብሰራት

- ከይትኸውን ብዕራይ መኼዳ፣
- ኣደዳ ፕሮፓጋንዳ፣
- ሓሳባትካ ብርትዒ ኸትሃንጽ፣
- ርትዕን ሓቅን ክተሰርጽ፣
- ሃሚንነት ወጊድ ኢልካ ምስ ኩነታት ክትተዓጻጸፍ፣
- ሓርነት ኣመለኻኽታኻ ኽትጉናጸፍ፣
- መጉትካ ኽትረትዕ፣
- ቁናን ክተቕንዕ ፣
- ስነመጉት ኣጽንዕ።

መጉት ብስነመጉት

ሰብ መጉት እዩ
ሰቓራጢስ ሰብ እዩ
ስለዚ ሰቓራጢስ መጉት እዩ

ብረቂቕ ፍልስፍናዊ ሓሳባት ዝተሃንጸ ትሕዝቶ ሓዚላ ኣብ ዓውዲ ስነመጉት ንመጀመርያ ግዜ ብቛንቋ ትግርኛ ዝተዳለወት "መጉት ብስነመጉት" ዘርእስታ መጽሓፍ ኣብ ኣርት ጋለሪ መረብ ሚልካና፣ ኣምባሳደርን ካላኦት እስተሽርታትን ተዘርጊሓ ኣላ። ሃየ ኣንብብዋ፣ ክትሕጉሱላ ኢኹም!

ዋጋ ዝኸበደኩም ኣንበብቲ ናብ ቴሌ. 07325242 ደውሉ።

# ስፖርት

ኤርምያስ ገብረልዑል
ermileul@gmail.com

## ናትናኤል ተስፋጽዮን
## ካብ ውድድር ጂሮ ዲ ኢታልያ ወጺኡ

ትማሊ ኣብ ዝተሳላሰለ መበል 16 መድረኽ ውድድር ጂሮ ዲ ኢታልያ፡ ኤርትራዊ ተቐዳዳማይ ክለብ ድሮን ሆፐር ኣንድሮይኒ ጂዮካቶሊ - ናትናኤል ተስፋጽዮን ውድድሩ ምቁራጹ ክለቡ ኣፍሊጡ።

ኣብቲ 202 ኪሎ-ሜተር ዝሸፈነን ካብ ሳሎ ተበጊሱ ኣብ ኣፕሪካ ኣብ ዝተፈጸመን መድረኽ፡ ናትናኤል፡ 49 ኪሎሜተር ምስ ተጓዕዘ'ዩ ኑቲ ውድድር ኣቋሪጽዎ። ዛጊት እኳ ክለቡ ጠንቂ ናይ ምቁራጹ ብወግዒ እንተዘይሓበረት፡ ገለ መራኸቢ ብዙሃን ግና ኣብ ታሽዓይ መድረኽ ዝገጠሞ ምጽዳፍ ክኸውን ከምዝኽእል የጋውሓ ኣለዋ።

ብቐድሚ ትማሊ መበል 23 ዓመት ልደቱ ዘብዓለ ናትናኤል፡ ብሰንበት ኣብ ዝተኻየደ መበል 15 መድረኽ ናይዚ ውድድር፡ ሻውዓይ ተርታ ብምሓዝ ብሉጽ ወጽኢት ከመዝግብ ክኢሉ ነይሩ እዩ። ኣብ ዝርዝር ብሉጽ ሓኾርቲ - ንገስ ዓቐብ፡ ሻውዓይ ተርታ ተሰሪዑ ዝነበረ ናትናኤል፡ ዝስዕባ መድረኻት ጂሮ ዲ ኢታልያ ንህልዊ ብቕዓቱ ኣብ ግምት ብምእታው ክሰማምዓዮ ከምዝኽእል ክትንተን ቀንዩ'ዩ።



ኣብዚ ሕጂ እዋን ኣብ ዓይኒ ዓባይ ኣመራጎዊት ክለብ ትረክ ሴጋፍረዶ (ናይ ዎርልድ ቱር ደረጃ ዘለዋ'ያ) ኣትዩ ዝርከብ ናትናኤል፡ ኣብ መወዳእታ ናይዚ ሒዝናዮ ዘሎና ዓመት ስፖርት ምስ ክለቡ ዘለዎ ውዕል ኩብቅዕ እዩ። ብመሰረት ጋዜጣ ደሎ ስፖርት፡ ናትናኤል ናብ ክለብ ትረክ ናይ ምስግጋር ተኽእሎኡ እውን ልዑል ምህላዉ እዩ ክንገር ጸኒሑ።

ክለብ ትረክ ኣብ 2022 ንኤርትራዊ ኣማኑኤል ጉብረእግዚኣብሄር ምፍራማ ይፍለጥ። ኣብዚ ሕጂ እዋን ንኣማኑኤል ብሰንኪ ዝገጠሞ ሓደጋ ከሰራቶ ዘላ ክለብ ትረክ፡ እዚ ተቐዳዳማይ ኣብ ዝሓጸረ እዋን ናብ ውድድር ከምዝምለስ ይሕብር። እንተደኣ ንናትናኤል ናብ መሳርዓ ጸምቢራ፡ ትረክ፡ ንዓመታ ክልተ ኤርትራውያን ተቐዳዳምቲ ክህልውዋ እዮም።

ኣብዚ ውድድር ጂሮ ብኩራት ናትናኤል ንክለብ ኣንድሮይኒ ጂዮካቶሊ ዓቢ ሃሰያ ምኻኑ ሓያለ ተንተንቲ የረድኡ።



ኣብ ዓስራይ መድረኽ ናይዚ ውድድር፡ ብሉጽ ብቕዓት ብምርኣይ ናይ መድረኽ ዓወት ዘመዝገበ ኤርትራዊ ተቐዳዳማይ ክለብ ኢንተርማርሽ - ቢንያም ግርማይ፡ ኣብ ጽምብል ምዕዳል ሽልማት ብመኽደኒ ቡሽ ናይ ሻምፓይን ዓይኑ ስለዝተሃርመ ካብዚ ውድድር'ዚ ምውጽኡ ይፍለጥ። በዚ ድማ፡ ኤርትራ፡ ኣብ ዝስዕብ መድረኻት ብሓደ ተቐዳዳማይ ጥራይ ክትጸዋዕ እያ - ብመርሃዊ ቅዱስ።

ኣብ ናይ ትማሊ መድረኽ ወዲ ጋንታኡ ንቢንያም ዝተካ ያን ሂርት ቀዳማይ ኮይኑ ብምዕዋቱ፡ ንክለብ ኢንተርማርሽ ካልኣይ ናይ መድረኽ ዓወት ኩተመዝግብ ኣኽኢልዋ ኣሎ።

ተቐዳዳማይ ክለብ ኢኤፍ ኢዱኬሽን - መርሃዊ ቅዱስ ድሕሪ 48 ደቓይቕ ናይ ሂርት ኣብ መዛዘሚ ሕንጻጽ ብምብጽሑ መበል 114 ተርታ ሒዙ።

ጂሮ ዲ ኢታልያ፡ ሎሚ ብናይ 168 ኪሎሜተር ውድድር ክቕጽል እዩ። ካብ ፖንተ ዲ ሌኞ ተበጊሱ ኣብ ላቫረን ኣብ ዝዛዘም ውድድር፡ ተቐዳደምቲ ሓያል ምንቅዕራር ዘለዎ ዓቐብ ክሓኹሩ ክግደዱ እዮም።

## ሳምሶን ኣማረ ኣብ ኒስ . . .

ትማሊ ሰንበት ኣብ ፈረንሳ - ኒስ ኣብ ዝተኻየደ ውድድር ፍርቂ ማራቶን ኒስ፡ ኤርትራዊ ኣትሌት ሳምሶን ኣማረ ካልኣይ ምውጽኡ ወግዓዊት መርበብ ሓበሬታ ናይቲ ውድድር ገሊጹ።

ኣብቲ ልዑል ተወዳዳርነት ዝተራእየሉ ውድድር፡ ወዲ 23 ዓመት ሳምሶን ን21 ኪሎሜተር ብሰዓትን ሓደ ደቒቕን 28 ካልኢትን ብምዝዛሙ እዩ ኣብ ፖድየም ክድይብ ክኢሉ። ኬንያዊ ኣትሌት ቦር ኢማኑኤል ካብ ሳምሶን ብ10 ካልኢት ቀዲሙ ውድድሩ ብምፍጻሙ ቀዳማይ ኮይኑ ክዕወት እንከሎ፡ ካልእ ኬንያዊ ድማ ብሰዓትን ሰለስተ ደቒቕን 40 ካልኢትን ንሳምሶን ሰዒቡ ሳልሳይ ኮይኑ።

ኣብ ውድድር ፈንቅል ፍርቂ ማራቶን 2022 ቀዳማይ ኮይኑ ዝተዓወተ ሳምሶን፡ ኣብ 2021 ኣብ ከረን ኣብ ዝተሳላሰለ ናይ 10,000 ሜትር እውን ካልኣይ ተርታ ሒዙ ነይሩ።

## ዓምበርበብ ተዓዊታ

ሻምፕዮን ኩዕሶ መርበብ ዞባ ማእከል፡ ትማሊ ቀዳምን ሰንበትን ኣብ ሜዳ ቦቻፊላ ኣስመራ ኣብ ዝቐጸለሉ፡ ዓምበርበብ ኣብ ልዕሊ ሳዋ 'ድሙቕ' ዓወት ኣመዝጊባ።

ኣብቲ ብሰንበት ዝተሳላሰለ ግጥም፡ ዓምበርበብን ሳዋን ስዕረት ከይቀመሳ ክግስግሳ ኣብ ርእሲ ምጽንሐን፡ ኣብ መሳርዐን ዝርከቡ ተጻወትቲ ድማ ምኩራትን ሓያላትን ምስ ምኻኖም፡ እቲ ግጥም ብኣጋኡ እዩ ልዑል ኣቓልቦ ረኺቡ ነይሩ። ከም ትጽቢት ሓያለ ኣፍቀርቲ ኩዕሶ መርበብ ድማ፡ ክልቲአን ጋንታታት ካብ ፈለማ ናይቲ ግጥም ዕረፍቲ ዘይህብ መጥቃዕትን ምክልኻልን ከካይዳ እየን ተራእየን።

ተጻወትቲ ዓምበርበብ ዕርዲ ምክልኻሎም ደልዲሉ ብምቕራቡ፡ ንመጥቃዕቲ ሳዋ ከምክኑ ተራእዩ። ኣብ ፈላመይቲ ሰት ከኣ 25-ብ21 ተዓወቱ። ኣብ ዝሰዓበት ሰት፡ ብተጻወትቲ ፊልሞን ወረደን ፊልሞን ምሉጌታን ትቕለስ ዝነበረት ሳዋ፡ ንሃጓፋታ ብምሽፋንን ብሓያል ዝላ ተደራራቢ መጥቃዕቲ ብምውሓዝን ንምክልኻል ዓምበርበብ ክትጥሕሶ ተራእየት። 25-ብ20 ድማ ተዓዊታ።

ኣብ ሳልሳይ ሰት፡ ልዑል ብቕዓት ገዲም ተጻዋታይ ዓምበርበብ በራኺ ሃይለ ዝተራእየሉ ነበረ። እታ ጋንታ እውን ብዝነበራ ውህደት ናይ 25-ብ20 ዓወት ብምምዝጋብ ንጸወታ ናብ ራብዐይቲ ሰት ኣምረሐቶ። እንተኾነ፡ ሳዋ ትልከፍ ኣይነበረትን። ሓለቓ ጋንታኣ ዓወት ፍትዊ ኣብ ዝደመቐሉ ሰት ከኣ፡ 25-ብ16 ብምዕዋት ንጸወታ ናብ 2-ብ2 ቀይራቶ።

ናይ ምጽዋር ዓቕሚ ዝፈተሸ ግጥም እዘን ጋንታታት፡ በዳዪ ኮይኑ ኣብ ዝቐረበሉ፡ ንኣፍቀርቲ ኩዕሶ መርበብ ንድሕሪት ዝመለሰ ግጥም ምንባሩ ይግምገም። ኣብ ሓሙሽይትን መፈላለይትን ሰት ደገፍቲ ካብ ኮፍ መበሊ ተንሲኦም ኣብ ዝተዓዘብሉ፡ ዓምበርበብ ንዘይተሰዓርነት ጉዕዞኣ ዘበረኸት ዓወት ኣብ ልዕሊ ሳዋ ኣመዝገበት - 15-ብ11 ተዓዊታ። ብድምር ውጽኢት ከኣ 3-ብ2 ብምዕዋት ንደገፍታ ጸባ ኣስትያ።

ኣብ ካልእ ግጥም ናይቲ ዕለት፡ ጋንታታት ደቂ ኣንስትዮ ሰንጥቕን ዓምበርበብን እየን ናብ ሜዳ ወሪደን። ተጻወቲ ዓምበርበብ ድማ ዝነኣድ ብቕዓት ብምርኣይ ኣብ ልዕሊ ሰንጥቕ ናይ 3-ብ0 ዓወት ኣመዝጊበን።

ብቐዳም ኣብ ዝተኻየዱ ጸወታታት፡ ጋንታ ደቂ-ኣንስትዮ ሳዋ ኣብ ልዕሊ መኸተ 3-ብ2 ክትዕወት እንከላ፡ ግጥም ጋንታታት ደቂ-ተባዕትዮ ንስርን ሰንጥቕን ድማ ብዓወት ንስሪ 3-ብ2 ተፈጺሙ።



## ፐፕ ጓድዮላ ኣብ ራዳር ፒኤስጂ ኣትዩ



ዓርሞሸሽ ክለብ ፒኤስጂ፡ ማን ሲቲ ሻምፕዮን ውድድር ፕሪመር ሊግ ንኽትትከውን መሪሕ ተራ ንዘተጻወተ ኣሰልጣኒ ፐፕ ጓድዮላ ኣብ 2023 ንምቑጻሩ መደብ ከምዘለዋ ተሓቢሩ።

ብመሰረት ሓበሬታ ጋዜጣታት ለ ኤኮፕን ሙንዶ ዲፖርቲቮን፡ ፈረንሳዊት ክለብ ፒኤስጂ መተካእታ ህልዊ ኣሰልጣኒኣ ፖቸቲኖ ዝኸውን ዓላሚ ሃሰው ትብል ምህላዋን፡ ጓርድዮላ ድማ ምስ ሲቲ ዘለዎ ውዕል ኣብ 2023 ዘብቅዕ ምስ ምኻኑን ብኣጋኡ ዝርርብ ከምዝጀመረት ኣረዲኣን። እንተኾነ፡ ፖቸቲኖ ክሳብ 2023 'ኣብ ፓሪስ ክጸንሕ ድዩ ዋላስ ክፋኖ?' ንዝብል ሕቶ እተን ጋዜጣታት ምላሽ ኣይሃባን።

ዋንጫ ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ንምልዓል ምስ ቀንዲ መቐናቕንታ ሊቨርፑል ኣብ ጥምጥም ዝቐጸት ማን ሲቲ፡ ኣብ ልዕሊ ኣስቶን ቪላ ብዘመዝገበቶ ዓወት ነታ ዘውዲ ክትደፍእ ምኽኣላ ናይ ትማሊ ተዘክሮ እዩ። ብሓፈሻ፡ ኣብ 2016 እግሩ ኣብ ማን ሲቲ ዝንበረ ጓርድዮላ፡ ኣብ ውሽጢ ሓሙሽተ ዓመታት ስፖርት ኣርባዕተ ግዜ ዋንጫ ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ከልዕል ክኢሉ እዩ።

ኣብ ዓመት ስፖርት 2021/'22፡ 380 ግጥማት ተሳላሲሉ። ብዝምጋም ድማ ኣብ ሓደ ጸወታ 2.82 ሸቶ ተመዝጊቡ። ብሓፈሻ ድማ 1071 ሸቶታት ተቖጺሩ። ማን. ሲቲ 99 ሸቶታት ብምምዝጋብ እታ ዝበዝሐ ሸቶታት ዘመዝገበት ጋንታ ክትከውን እንከላ፡ ኖርዊች ሲቲ ኸኣ 23 ሸቶታት ብምምዝጋባ ዝወሓደ ሸቶታት ዘመዝገበት ጋንታ ኮይና። ብዘይካ'ዚ ልዳት ክለብ ኖርዊች ሲቲ 84 ሸቶታት ዘዘሮቓ ብምኻኑ ዝበዝሐ ሸቶታት ዝተመዝገቦ ምኻኑ ስታቲስቲካዊ ጸብጻብ ናይቲ ውድድር የገድር።

ትማሊ ሰንበት ኣብ ዝተፈጸመ ውድድር ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ፡ ንዝበዝሐ ሸቶ ዘመዝገቡ ተጻወትቲ ኣብ ዝውሃብ ሽልማት ወርቃዊ ጫማ (ጎልደን ቡት) ማዕረ 23 ሸቶታት ዘመዝገቡ ኣጥቃዓይ ሊቨርፑል ግብጻዊ መሓመድ ሳላሕን ናይ ቶተንሃም መዘናኡ ደቡብ ኮርያዊ ሶን ሁዩን ሚንን ዕዉታት ኮይኖም።

መሓመድ ሳላሕ፡ ነዚ ሽልማት ሰለስተ ግዜ ምውሳዱ ይፍለጥ።

ንሓለውቲ ልዳት ኣብ ዝውሃብ ሽልማት ወርቃዊት ጓንቲ (ጎልደን ግሎቭ) እውን ብተመሳሳሊ፡ ኑቶም ነፍሲ-ወከፎም ኣብ 20 ግጥማት ናይዚ ዝተዛዘመ ዓመተ-ውድድር ልዳቶም ዘየድፈሩ፡ ኣሊሰን ካብ ሊቨርፑል ከምኡ ድማ ኤንደርሰን ካብ ማንቸስተር ሲቲ ብሓባር ተዓዊቶሙሉ።

** ** **

# ዜና ወጻኢ

ሚርያም ኣብራሃም

## ኢራን - በዓል 10 ደርቢ ህንጻ ፈሪሱ፥ ህይወት ሰብ ለኪሙ

ኣብ ደቡባዊ ምዕራብ ኢራን ድሕሪ ዘጋጠመ ሓደጋ ምፍራስ ህንጻ ብውሕዱ 10 ሰባት ክሞቱ እንከለዉ፥ ካልኦት ብኣማኢት ዝቑጸሩ ከምዝቖሰሉ፥ ሰብኡማዚ ሲቪላዊ ድሕነት'ታ ሃገር ሓቢሮም።

ኣብቲ ገና ኣብ መስርሕ ምህናጽ ከም ዝነበረ ዝተገልጸ በዓል 10 ደርቢ ህንጹ ብዓሰርተታት ዝቑጸሩ ካልኦት ሰባት'ውን ተደፊኖም ከምዝለዉ ዝሓበሩ እቶም ሰብኡማዚ፥ ብኡ ምኽንያት ቁጽሪ ምውታት ካብዚ ዘለዎ ንላዕሊ ክዛይድ ስግኣት ከምዝለዎ ኣረዲኦም።

ጠንቂ እቲ ሓደጋ እንታይ ምዃኑ ዛጊት ከምዘይተፈልጠ ዝሓበሩ ላዕለዎት



ሰብስልጣን እታ ሃገር፥ መስርሕ መርመራ ተጀሚሩ ከም ዘሎ ገሊጾም።

ካብቲ ፍርስራስ ናይቲ ህንጻ ብሂወት ዝደሓኑ ብርክት ዝበሉ ሰባት ንህጹጽ ሕክምናዊ ረድኤት ናብ ሆስፒታል ከምዝተላእኩ ዝሓበሩ እቶም ሰብስልጣን፥ ወነንቲ እቲ ህንጻ ዝኾኑ ክልተ ሰባት ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ኣትዮም ከምዝለዉ እውን ወሲኾም።

እዚ ሓደጋ ምፍራስ ኣጋጢምዎ ዘሎ ብ'ኣርና' ዝፍለጥ ህንጹ ኣብቲ ብሸቓጥ ዕሙር ዝኾነ ከባቢ ከምዝርከብ እዩም ጸብጻባት እታ ሃገር ዝሕብሩ።

በዚ ከኣ፥ መብዝሕትኦም ኣብቲ ህንጻ ተደፊኖም ዘለዉ ሰባት፥ ኣብቲ ከባቢ ኣብ ሸቓጥ ተዋፊሮም ዝነበሩ ከምዝኾኑ ተፈሊጡ።

ኣብ 2017 እውን ኣብታ ሃገር ሓደ በዓል 17 ደርቢ ህንጻ ድሕሪ ዝፍረሰ፥ 16 ኣባላት መጥፋእቲ ሓዊ ዝርከብዎም 20 ሰባት ከምዝሞቱ ናይ ሽዑ ጸብጻባት ይሕብሩ።

## ሰፊሕ ከባቢታት ማ/ምብራቕ ብካምሲን ተሸፊኑ

ኣብ ሰፊሕ ከበባታት ማእከላይ ምብራቕ፥ ጸዑቕ ደሮና (ካምሲን) ብምኽሰቱ፥ ሃገራት እቲ ዞባ ንዜጋታተን ናይ መጠንቀቕታ ሓበሬታ ኣመሓላሊፈን።

እዚ ካብ ዝሓለፈ ሰሙን ጀሚሩ ተኸሲቱ ዘሎ ባህርያዊ ሓደጋ፥ ኣብ ዒራቕ፥ ሶርያን ኢራንን ዘውርዶ ዘሎ ጥዕናዊ ሃሰያታት እናበኣሰ ይኸይድ ከምዘሎ፥ ጸብጻባት ሚኒስትሪ ጥዕና እተን ሃገራት ሓቢሮም።

ብመሰረት'ቶም ጸብጻባት፥ ዛጊት ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ዜጋታት ኣብ ሆስፒታል ተዓቂቦም ዘድሊ ክንክን ክግበረሎም እንከሎ፥ ብዙሕ በረራታት ናይ ነፈርቲ ድማ ብሰንኪ እቲ ጸዑቕ ደሮና ክቋረጽ ተገዲዱ ኣሎ።



እዚ ሳዕቤን ዓለማዊ ክሊማዊ ምምዝባል ምዃኑ ዝተዋገረሉ - ኣብ ሰፊሕ ከበባታት ማእከላይ ምብራቕ ተኸሲቱ ዘሎ ካምሲን፥ ንብዙሕ ማሕበረ-ቁጠባዊ ንጡፈታት እተን ሃገራት ኣመዛቢሉ ከምዝርከብ ዝፍለጥ ኮይኑ፥ ሃገራት ዓለም ነዚ ክሊማዊ ምምዝባል ንምቁጽጻር ዘድሊ ስጉምቲ ክወስዳ ጻውዒት ክቐርብ ጸኒሑ እዩ።

ዒራቕ ኣብ ዝሓለፈ 17 ዓመታት፥ ብሰንኪ ዘይቅርዑይ ኣገባብ ምሕደራ ማይ - ክልተ ሰሶ ካብ መሬታ ከምዝበደመ ዝሓበሩ ጸብጻባት፥ ጽልዋታት ካምሲን ሕልፊ ካልኦት ሃገራት ኣብታ ሃገር ብዕጽፊ ከምዝዓየደ ኣመልኪቶም።

ጎረቤት ዒራቕ ዝኾኑት ኩወይት እውን፥ ሓንቲ ካብ'ተን በዚ ባህርያዊ ሓደጋ ዝተጸልዋ ሃገራት ኮይና ከምዝካ ዝጠቐሱ እቶም ጸብጻባት፥ ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፍርቲ እታ ሃገር ንዝይተወሰነ መዓልታት በረራታት ጠጠው ኩብል ከምዝተገደደ ገሊጾም።

## ደቡብ ኣፍሪቃ፥ ብዳግማይ ዕልቕልቕ ተጠቒዓ



ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ - ዞባ ክዋዙሉ ዘጋጠመ ብርቱዕ ዝናብ ዘስዓቦ ዕልቕልቕ፥ ብኣማኢት ዝቑጸሩ ዜጋታት ካብ ቤት-ንብረቶም ክመዛበሉ ምኽንያት ከምዝኾኑ ተገሊጹ።

እዚ ሕጂ ተኸሲቱ ዘሎ ዕልቕልቕ፥ ድሕሪቲ ኣብ መጀመርታ ናይዚ ወርሒ'ዚ ተኸሲቱ ዝነበረን ሂወት ልዕሊ 400 ሰባት ዝቐዘፈን ተመሳሳሊ ሓደጋ፥ ንካልኣይ ግዜኡ እዩ ዘጋጥም ዘሎ።

በቲ ተኸሲቱ ዝጸንሐ ባህርያዊ ሓደጋ ኣሰኪሕኪሖም ከምዝጸንሑ ዝሓበሩ ዜጋታት እታ ሃገር፥ ዳግማይ ከምኡ ዓይነት ሓደጋ ከይርአዩ ኣዝዮም ተሻቒሎም ከምዝለዉ ገሊጾም።

ደቡብ ኣፍሪቃ፥ ብሓደጋታት ዕልቕልቕ ብዙደጋገሚ ትጥቃዕ ከምዝካ ዝሓበሩ ጸብጻባት፥ ብዙሕ ጽርግያታትን ህንጻታትን እታ ሃገር በቲ ባህርያዊ ሓደጋ ከምዝዓነወ ኣመልኪቶም።

ዛጊት በዚ ድሓሩ ዝተኸስተ ዕልቕልቕ፥ ኣብ ሰብ ዝስዓበ ሞት ከምዘየለ ዝጠቐሱ እቶም ጸብጻባት፥ ብዙሕ ንጥፈታት እታ ዞባ ግን ተመዛቢሉ ከምዘሎ ሓቢሮም።

ኣገልግሎት ሜትሮሎጂ ደቡብ ኣፍሪቃ፥ እቲ ዘይንቡር ኩነታት ኣየር ክቐጽል ከምዝኽእል ብምሕባር፥ ነበርቲ እቲ ዞባ ካብ መንበሪኦም ከይወጽኡ ተማሕጺኑ።

ሰብስልጣን እታ ሃገር፥ ኣገልግሎት ህጹጽ ረድኤት ዝህባ ልዕሊ 80 መቓብሊ ማእከላት ኣዳልዮም ከም ዘለዉ ኣፍሊጦም።

## ፕረዚደንት ቱርኪ፥ ንመራሒ ግሪኽ 'ኣይፈልጠካን' ኢሉዎ

ፕረዚደንት ቱርኪ ረሲፕ ጣይፕ ኤርዶጋን፥ ንቀዳማይ ሚኒስተር ግሪኽ ኪርያኮስ ሚትሶታኪስ፥ ከም መራሒ ሃገር ከምዘይፈልጦን ምስኡ ክራኸብ ከምዘይደልን ብምግላጽ፥ ንበዙሓት ኣገሪሙ።

ፕረዚደንት ኤርዶጋን ነዚ ዝገለጸ ኣብዚ ሰሙን'ዚ ኣብ ዝዋዕዶ ኣኼባ ናይ ካቢነ ሚኒስተራት እዩ።

ድሕሪቲ ኣኼባ ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፥ ቀዳማይ ሚኒስተር ግሪኽ ናብ ዋሺንግተን ምብጻሕ ኣብ ዝፈጸመሉ እዋን፥ ኣመሪካ 'ኤፍ-16' ዝዓይነተን ዘመናውያን ነፈርቲ ውግእ ንቱርኪ ንኸይትሸጠላ ንፕረዚደንት ባይደን ከምዝተማሕጸኖ ከሲሱ።

"ካብ ሎሚ ንድሓር ነዚ ሰብ እዚ ከም መራሒ ግሪኽ ኣይክፈልጦን እየ" ኢሉ ፕረዚደንት ኤርዶጋን።

ነዚ ዝተኸታተሉት ግሪኽ ድማ፥ ኣብ መንጎ ክልተአን ጎረባብቲ ሃገራት ዘሎ ወጥሪ ናብ ዝኸፍአ ኣንፈት ንከየምርሕ፥ ንምግላጺ ፕረዚደንት ኤርዶጋን መልሱ ግብሪ ክትህበሉ ከምዘይትመርጽ ኣፍሊጣ ኣላ።



ቱርኪ፥ ንመራሒ መንግስቲ ግሪኽ ደጊም ኣፍልጦ ከምዘይትህቦ ትገልጽ ዘላ፥ ሽወደንን ፊንላንድን ምስ ወተሃደራዊ ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ (ኔቶ) ክጽንበራ ዝቐረብኦ ሕቶ ብትሪ ኣብ እትቃወመሉ ዘላ እዋን'ዩ።

ክልተአን ሃገራት ኖርዲክ፥ ንላዕለዎት ኣባላት ናይ'ቶም "ኣሸበርቲ" እትብሎም ኩርዳውያን ዕጡቓት ከምዝዕቑባን ከምዝሕብሕባን ድማ'ያ ትኸስስ።

ፕረዚደት ኤርዶጋን ኣብ መግለጺኡ፥ ግሪኽ'ውን ኑቶም ኩርዳውያን ዕጡቓት ከምእተዕቁብ ድሕሪ ምኽሳስ፥ ኔቶ ኣብ 1980 ኣባሉ ክትከውን ምፍቃዱ ፍጹም ጌጋ ከምዝነበረ ሓቢሩ።

ቱርኪ ኣብ 2019 ካብ ሩስያ 'ኤስ-500' ዝዓይነቱ ጸረ-ነፈርቲ ሚሳይል ድሕሪ ምሽማታ፥ ኣመሪካ ኑታ ሃገር ዝተራቐቓ ነፈርቲ ውግእ ክትሸጠላ ዝነበራ መደብ ደው ከተብሎ ከምዝወሰነት ዝዝከር ኮይኑ፥ ሕጂ ግን ምምሕዳር ጆ ባይደን ኑቲ መደብ ተግባራዊ ክዝበሮ ይደሊ ከምዝሎ'ዩ ዝገለጸ።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ. |
| --- | --- | --- | --- |
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ጎዳይፍ | 25/5/2022 | ጎደና እምረሚ 755፥ ካባቢ.ሚ/ሬሕርሻ72 | 181672 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ   ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services